
ሓዳስ ኤርትራ
መበል 31 ዓመት ቁ.231 ዓርቢ 27 ግንቦት 2022 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ነፍሰ-ምክልኻልን ተጻዋርነትን ሕማማት



ገጽ 3
ጽምብል ናጽነት ኣብ ዓንሰባ


ገጽ 4
ጽምብል ናጽነት፡ ኣብ ደ/ቀ/ባሕሪን ጋሽ-ባርካን


ገጽ 5
እቶም ምዑታት ግሕዮ


ገጽ 7
ሃገራዊት ጋንታ መንእሰያት ናብ ታንዛንያ ኣምሪሓ




# መራሕቲ ኩባ፡ ፈረንሳ፡ ሰጳኛን ኣልጀርያን፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ኩባ፡ ፈረንሳ፡ ሰጳኛን ኣልጀርያን፡ ብምኽንያት ጽምብል መበል 31 ዓመት ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽትታት ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኩባ - ሚግዌል ዲያዝ-ካኔል፣ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ፈረንሳ - ኤማንዌል ማክሮን፣ ንጉስ ሰጳኛ - ፈሊፕ ሻድሻይ፣ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኣልጀርያ ዓብደልመጂድ ተቡን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ምዕባለን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ኤማንዌል ማክሮን ኣብ መልእኽቱ፡ ፈረንሳ ምስ ኤርትራ ሃናጺ ጽምዶ ክትምስርት ድሌት ከምዘለዋ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኣልጀርያ ዓብደልመጂድ ተቡን ብወገኑ፡ ንኤርትራን ኣልጀርያን ዝጠምር ሕውነታዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ብሸርክነት ንምስራሕ፣ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያት ፖለቲካዊ ምምኽኻር ንምምዕባል፡ ብወገን ሃገሩ ንዘሎ ድሌትን ቅሩብነትን ኣረጋጊጹ።

# ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ በዓል ናጽነት ብድምቀት ይጽምብሉ ኣለዉ

ኤርትራውያን ነበርቲ ሱዳን፡ ሞንትርያልን ዊኒፐግን - ካናዳ፡ ዛምብያን እስራኤልን፡ መበል 31 ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ "ንያትና - ናጻ ሕርያና" ብዘብል ቴማ ብልዑል መዳርግ ጸምቢሎም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሱዳን፡ ኣባል ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ኣሰይድ ኣልሃዲ እድሪስ፡ ሚኒስተር ዜናን ባህልን ኣሰይድ ገርሃም ዓብደልቃድር፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዳርፎር ኣሰይድ ሚኒ ኣርኮ ምናዊ፡ ኣብ ሱዳን ዝመደበርም ዲፕሎማሲኛታት፡ ሓለፍትን ወከልትን ዝተፈላለዩ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳንን መሓዙትን ፈተውትን ህዝቢ ኤርትራን፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ኤርትራውያን ውዳቤታት፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ ከተማ ካርቱም ድሙቕ ጽምብል ኣካዪዶም።

ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ፡ ናጻ ሕርያና ንሃገራዊ ረብሓና ኣውሒሱ - ክቡሪ ሃገራዊ መንነትና ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ንያት ከምዘሰቀለ ጠቒሱ፡ "ሕላገት ትብዓት፡ ዘይተማበርካኽቱን ማስዋእትነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሉት ዕለተ-ናጽነትና፡ ንመበል 31 ዓመት ብዝለዓለ ፍናንን ሓበንን ከኣብዕል ንዘብቅዕና ጀጋኑ ሰማእታት፡ ዝለዓለ ክብርን ምስጋናን ይኹንዎም" ኢሉ።

ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝባን መራሕነታን ብዘቐደዎ ሓያል መኸተ፡ ንልዕሊ 50 ዓመታት ዘጋጠማ ናይ ተጻብኦታት፡ ኀበጣ፡ ሪግጺ ሕማምን እገዳን ሰጊራ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መድረኽ ግቡእ ክብራ ከምዝማስከረት ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዒሳ፡ እዚ ዞሀይዱ ርዝነት ናይ'ቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ህላወኡ ንምርግጋጽ ዝሓለፎ ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታትን ዝተኻየደ ቃልስን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ናይ ክቡሪ ዕዱም ሚኒስተር ዜናን ባህልን ሱዳን ኣሰይድ ገርሃም ዓብደልቃድር ብወገኑ፡ ንህዝብን መራሕነትን ኤርትራ "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ንታሪኻዊ ዝምድና ክልቲኤን ኣሓት ሃገራት ዘለዎ ኣድናቖት ብምግላጽ፡ ሃገሩ ንስትራተጂካዊ ዝምድናኣ ምስ ኤርትራ ብዓቢ ተገዳስነት ከም እትጥምቶን ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ከምእትሰርዖን ኣረጋጊጹ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ እስማዒል ሙሳ ብወገኑ፡ ኑቲ በዓል ክዉን ንምግባር ንዘጻዓቱ ኣካላት ብምምስጋን፡ ኣብ ዞባታት ገዳርፍ፡ ከሰላን ፖርት-ሱዳንን እውን ድሙቕ በዓል ናጽነት ከምእተኻየደ ሓቢሩ።

ማሕበረትም ኤርትራውያን ኣብ ዛምብያ ኣብ ዘበርኦ ጽምብል ድማ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረትም ኣቶ ገብረሂወት ጴጥሮስ፡ ብረዚን ዋጋ ህይወት ዝተረጋገጸ ናጽነት ንምዕቃብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ኣብ መኸተ ተጸሚዱ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ መዋእል፡ ኲጋስ ህንጸት ሃገር ብዝለዓለ ናህሪ ንምድራኽ መብጽዓኦም ከም ማሕበረትም ኣሐዲሱ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሞንትርያልን ዊኒፐግን - ካናዳ ብወገኖም ኣብ ዘቐደድዎ በዓል እውን፡ በዓል ናጽነት - ድልውነቶም ንዘበርኽ መኸተ ብዘረጋግጹሉ ድምቀት ከምዝጸምበልዎ ተሓቢሩ።

ኣብ እስራኤል ዝነብሩ ኤርትራውያን ብወገኖም፡ ብ21 ግንቦት ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተረኸቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ብልዑል ድምቀት ኣብዒሎም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ እስራኤል፡ ኣቶ ሰለሞን ክንፈ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምርግጋጽን ንምውሓስን ንዝከፈሎ ክቡር ዋጋ ብምዝካር፡ መመሊሱ ዝደምቕ በዓል ናጽነት፡ ካብ'ዚ ረዚን ትርጉም'ዚ ዝቕል ምዃኑ ገሊጹ።

ብስም ማሕበረትም ቃል ዘሰመዐ መምህር ዘርእዝጊ ጎይትኦም ብወገኑ፡ እቲ ጽምብል ምስ ሃገርምን መንግስቶምን ንዘለዎም ጥቡቕ ምትእስሳር ዘንጸባርቐሉ ኣጋጣሚ ሃገራዊ መድብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጥምረቶም ኣሐዩሎም ንዝለዓለ መኸተ ኣብኦም ዝሕተት ከምዝዋግልሉ ኣረጋጊጹ።

እቲ ጽምብል፡ ኣብ እስራኤል ብዝነብሩ መንእሰያት ዝቐረበት ጉጅለ ባህሊ መኸተን፡ ካብ ኤውሮጳ ዝመጽኡ ድምጻውያንን መዚቐኛታትን ብዘቕረብዎ ባህላዊ መደባት ደሚቑ ነይሩ።








# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ነፍሰ - ምክልኻልን ተጻዋርነትን ሕማማት

ኣካላት ወዲ-ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ መጥቃዕትታት ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ ዝርከብ። ኣካላትና ክሳብ ዕምርና ንውድእ ነዞም ሕማማት ምክልኻል፡ ምስ እንጥቃዕ ድማ፡ ቡብደረጃኡ ይፈላለ ይኸውን'ምበር፡ ኣብ ምጽዋርምን ምጥፍኣምን ምስ ተጸምደ እዩ። እዞም ንኣካላትና ዝጻብኡ ጓና ታህዋስያን - ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ጽግዕተኛ፡ ዕሲ ወይ'ውን ናብ መንሽሮ ዋህዮ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣካላትና ነዞም ሕማማት ቡዲሁ ህይወቱ ክቕጽል ናይ ተፈጥሮ መከላኸሊ ጥበብ (መካኒዝም) ኣለዎ - 'ዲፈንስ መካኒዝም' (defense mechanisms) ይበሃል። እዚ መከላኸሊ ጥበብ'ዚ ናብ ክልተ ይምቀል፦

* ዘይንጹር/ዘይምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (Non-specific defense mechanisms)፡

* ንጹር/ምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (specific defense mechanisms)፡

ዘይንጹር መከላኸሊ መካኒዝም ኣብ ዝተወሰኑ ሕማም ወይ ጉድኣት ዘውርዱ ጓና ታህዋስያን ዝተሓጸጸረ ኣይኮነን። እዚ መካኒዝም እዚ'ውን ንባዕሉ ክልተ ዓይነት እዩ - ቀዳማይ መስመር መከላኸሊን ካልኣይ መስመር መከላኸልን።

=> ቀዳማይ መስመር መከላኸሊ - ቆርበት ከምኡ'ውን ልፋጮዊ መምብራና (Mucous membranes) የጠቓልል። እዚኦም ኣካላትና ዝኾነ ብደገ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ከየጥቅዖ ከም ዕርዲ ይከላኸሉ።

ቆርበት ሰብነት

ቆርበት ወዲ-ሰብ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ኑቲ ቆርበት ኣቑሞም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጻሊታት ቡብግዚኡ ስለ ዝሕደሱ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ክከላኸሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸኒታት (glands) ስብሓዊ ኣሲድ ዝኣመሰሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭዉ ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዓልቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

ልፋጮዊ መምብራና

ልክዕ ከም ላዕለዋይ ሽፋን ቆርበት፡ ግን ኣገዚፉ ብዝተረራቐቐ ኣገባብ - እዚ ልፋጮዊ መምብራና ኣብ ስርዓተ-እስትንፋስ ኣካላትና ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ክኣትዉ ንዝኽእሉ ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ ንምክልኻል ይሕግዝ። ኣብ መናድቕ ስርዓተ ምስትንፋስ ኣካላትና ልፋጭ ከመንጭዉ ዝኽእሉ ዋህዮታት ኣለዉ። እዚ ልፋጭ'ዚ ደቀቕቲ ህይወታውያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ከይኣትዉ ኣጸዊዱ ይሕዞም።

=> ካልኣይ መስመር መከላኸሊ - ውሽጣዊ ኮይኑ ንከም 'ሉኮሳይት'ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሕማም ዘከላኸሉ ፕሮቲናት የጠቓልል።

ንጹር መከላኸሊ መካኒዝም - እዚ ኣብ ትሕቲ ነፍሰ-ተጻዋርነት (immunity) ዝብል ቃል ዝጥርነፍ እዩ። ስርዓተ ተጻርነት ሕማም (immune system) እምበኣር፡ እቲ ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ እዩ ዝጥቀስ።

= ሳልሳይ መስመር መከላኸሊ - ማለት 'ስርዓተ ተጻዋርነት ሕማም'፡ ንዝተኣጸሩ ብደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና መጥቃዕቲ ንዝፍጽሙ ዝተፈላለዩ ብዓይንና ዘይረኣዩ ህይወታውያን ንምክልኻል ዘገልግል መካኒዝም እዩ።

ጸረ-ጅን (antigen) - ናብ ውሽጢ ሰብነትና ኣትዩ ሕማም ዘስዕብ ጓና ኣካል እዩ። ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ሓደ ካብቶም ዚ ጓና ኣካል ኣለልዩ ንምክልኻሉ ጻዕርታት ዝካይድ መከላኸሊ መካኒዝም እዩ። እቲ ጸረ-ጅን መርዚ፡ ቫይረስ፡ ባክተርያ ወዘተ ክኸውን ይኽእል። ስርዓተ ምክልኻል ሰብነትና እቲ ጸረ-ጅን እንታይ ዓይነት ምዃኑ ቀልጢፉ ኣብ ዘለልየሉ እዋን ድማ ንምጥፍኡ ተቓላጢፉ መጥቃዕቲ የካይድ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝንድኡ ሕማቕ ልምድታት

ብዙሓት ሰባት፡ ጥዕናኦም ብዘዮጎጽእ ንምሕላው ሽለልትኦት ክርእዩ ይረኣዩ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ከም ነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓል፡ ድኻም ድቃስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ቀጻሊ ሕማም ርእሲ ብኣዝዘውትሮም ሕማቕ ልምድታት ዝሰዓቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እተካይዶ ስርሓት፡ እተዘውትሮ ልምድታት፡ እትወስዶም መግብታት ግቡእ ምክትታል ዘይትገብር እንተኾንካ ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ ዝተሓተ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ናይ ደገ ተጻብኦቲ ንኣካላትና ከየጥቅዕዎም ንምክልኻል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ኣሃዱ ኣካላትና እዩ። ድኹም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ዝተጠቕዑ ይኾኑ። ንናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና ዘዳኽሙ ገለ ልምድታት ንምጥቃስ፦

* ምትኣኻኽ፦ ምትኣኻኽ ዋላ ካልኣይ ደረጃ ኣተኣኻኽቲ ዝበሃሉ ሰባት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ምዃኖም ሓኪይም ይገልጹ። እዚ ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ስለ ዘለዎም ብምዃኑ እዩ። እቲ ሽጋራ ናይ ምትኣኻኽ ልምዲ ብኣግኡ ክቋረጽ እንተዘይተኻኢሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት መንሽሮ የቃልዕ።

* ኣልኮላዊ መስተ፦ ኣልኮል፡ ቀንዲ ዕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሰብነትና ናይ ምዕናው ባህሪ ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያን ቫይረስን ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ተጻባእቲ ዘውቕሉ ዓይነት ዋህዮታት እዮም። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ተህልኽ እንተ'ኼንካ፡ ዝውሓደ ጸረ-ጓና ኣካል ክትውንን ትግደድ፡ በዚ ድማ ብቐሊሉ ብሕማም ትልከፍ።

* ውሑድ ምድቃስ፦ ኣካላትና ብተፍጥሮኡ ባዕሉ ናይ ምጽጋን፡ ብሓድሽ መንፈስ ናይ ምሕዳስ ባህሪ ኣለዎ። ሰብነትና እኹል ድቃስ ክረኽብ እንተዘይክኢሉ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕን ክቅሕን ኣይክእልን። ኣብታ እትሰዕብ መዓልቲ ብደገ ክመጽእ ንዝኽእል መጥቃዕቲ ድማ ኣይዳለወሉን። እኹል ድቃስ ዘይረኸበ ሰብ ንኣጥ ጸረር ጸረር ኩብልን ሻቡ ብሕማም ሰዓል ክጥቃዕ ኣስተብሂልኩም ትፈልጡዶ? እኹል ድቃስ ዘይምርካብ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከም ዝዳኸም በዚ ብቐሊሉ ክንርድኦ ይከኣል።


* ንዊሕ ሰዓታት ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ፦ ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ፡ ምስቲ ዝተዛዘየ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝኾነ ሕክምናዊ ጸብጻባት ከረጋግጽዎ ክኢሎም እዮም። ንዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ብቐሊሉ ተጠቃዒ እዩ። ሓደ ሰብ ዘለዎ መጠን ጸቕጢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እንተበጽሐ፡ ኣእምሮኡ ኮርቲሶል (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብልዑል ዓቐን የፍሪ። እዚ ሆርሞን'ዚ ንስራሕ/ዕማም ናይ 'ቲ' ዋህዮ (T cells) የዳኽሞ ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ደው የብሎ። 'ቲ' ዋህዮ (T cells) ንኣካላትና ዝጥቅዕ ረኽሲ ንምቕላስ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

* ብሕቱው ምዃን፦ ብሕትውና እንሓንሱብ ከም ወልፊ ክልመድ ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዘመልክቱ። ካብ ምስ ሰብ ብምምሕዛር (socialize) ዝረኽቡዎ ባህታ፡ በይኖም ብምዃን እዮም ዝያዳ ዝሕጎሱ። ብጽዑቕ ስራሕ ብምጽማድ ወይ'ውን በይንኻ ምዃን ብምድላይ፡ እኹል ማሕበራዊ ሱታፌ ዘይብሉ ሰብ፡ ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ክኢላታት የመልክቱ።


* ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ፦ ምውሰዋስ ኣካላት ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ ድማ ኣካላዊ ብቕዓትካ ተዳኺሙ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓላዕካ ትኸውን። ምውሰዋስ ኣካላት ዘየዘውትሩ ሰባት፡ ክሳብ ብእግሮም ምኻድ ዘይፈትዉ ሰባት ዘጠቓልል እዩ፡ ንሕማም ሸኮርን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ልብን ዝተቓልዑ እዮም።

* ልዑል ዓቐን ሸኮር ምውሳድ፦ ሸኮር ጀርምታትን ካልኦት ታህዋስያንን ናይ ምቕላስ ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽሞ። ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ቫይታሚን 'ሲ' ናይ ምጥቃእ ጠባይ ስለ ዘለዎ ድማ ንሕማም ዝተቓላዕና ንኸውን። ቫይታሚን 'ሲ' ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዝ ዝበለጸ መኣዛ እዩ።

ምንጪ፦ Idea digezt






ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

## ሪፖርታዥ

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ !

ገርጊስ ፍቓድ

መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት - ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብኹብ ዝበለ ደምቀትን ዓጀባን ተጸምቢሉ። እዛ ክብርትን ደምቀትን ኣውደ-ኣመት ኤርትራውያን ዝሰኑት ዕለት፡ ለምዚዘበን "ንያትና ናጺ ሕርያና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ሃገራዊ ቴማ፡ ንኽብራ ብዘንጸባርቕ ዝተፈላለየ ምድላዋትን ንጥፈታትን እያ ተጸምቢላ።

ከላተን ንኡሳን ዞባታት ዞባ ዓንሰባ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 22 ግንቦት ኣብ ዘሎ መዓልታት፡ ብደረጃ ዓዲ ክሳብ ምምሕዳር ከበባታትን ሓውሲ ከተማታትን ጽሬት ከባቢን ምግራብን ዝኣመሰለ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ስነጥበባዊ ምርኢታትን ብምስሉል እየን ደሙቕ ቅሑናጽነት ኣሕለፈን። ብፍላይ ኣብ ሸውዓተ ምምሕዳራዊ ከበባታት ከተማ ከረንን ማእከል ንኡሳን ዞባታትን ካብ ዕለት 18-24 ግንቦት ኣብ ዘሎ መዓልታት፡ ብወዱብን ቅርጡውን ኣገባብ ተዛዚቑ ዝቐረበ ወቁብ መደባት ተኻይዱ።

ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ለቡዳ ኮሮና ቫይረስ ብዝሰዓቦ ውሸባን ሓብርካ ናይ ዘይምጽምባል ኩነታትን በዓል ናጽነትና ከም'ቲ ዝድለ ክንጽምብል ኣይከኣልናን። ለምዚዘበን ግን እቲ ስግኣት መሊኡ ተቐንጢጡ'ኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ብዝተዋሃደ መጠናዊ ጥንቃቐታት እናተገበረ ክጽንበል ተኻኢሉ እዩ።

ዛ ልዕሊ ከላን ሃገራዊ በዓላትና ዝበረኸት ዕለት ናጽነት ንምጽንባል ዝቐሰሉ መደባት ንምድላው፡ ብደረጃ ዞባ ብዙሕን ሕብራውን መደባት እዩ ተሰሊሱ። ነቲ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ብምትሕብባር ጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ካብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ፡ ኣብ ከላተን ንኡስ ዞባታት ዘለዉ ዝተፈላለዩ ጉጅለታትን ንንብበ ዘተባብዕ መደባትን ውድድራትን ሰሪሑ፡ ካብ ዕለት 5 ክሳብ 8 ግንቦት ኣብ ከተማ ከረን ደሙቕ ቀን መዛዘሚ ተኻይዱ። ጉድኒ ጉድኒ'ዚ እውን ብህቡባት ሃገራውያን ደረስቲ ኣብ ዕላል ታሪኽን ምውራስ ተመክሮ ንመንእሰያትን ዘኽተረ መኣጠ ሰሚናራት ተዋሂቡ። መዛዘሚ ናይቲ ብጨ/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ተወዲቡ ኣብ ከላን ንኡስ ዞባታት፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ስፖርትን ደረጃታት ትምህርትን (መበታ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት) ዝዘርግሐ ስፖርታዊ ውድድራት ቀን ተመሃሮ፡ ካብ 17 ክሳብ 21 ግንቦት ኣብ ከተማ ከረን ተኻይዱ።

ብዕለት 21 ግንቦት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ከረን ብባህላውን ስነጠበባውን መሰናድኣታት ደሚቑ ኣብ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ጽንብል፡ ዕወታት ዝሰኑና ንኡስ ዞባታትን ብውልቂ ጽብለልታ ዘርኣዩ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ስፖርተኛታት ተመሃሮን፡ ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን፡ ኣስመራ ካብ ዝመደበርኦም ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርትን ኮሚሽን ስፖርትን፡ ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሓለፍቲ ዞባ ዝተዳለወሎም ሽልማት ተቐቢሎም።

ብኣጋጣሚ ዝኸሪ መበል 31 ዓመት-ናጽነት ካብ ዝተኻየደ ተደሪቡ ደሙቕ ጽንበሉት፡ ብልዑል ስነጥበባዊ ብቕዓት ንባህሊ፡ ባህርያዊ ኣከባቢን ጸጋቓን ዞባ ዓንሰባን ብዘንጸባርቕ ኣገባብ ብቛንቋ ትግረ "ሞዳይ ሓበን!" (ዓዲ ሓበን) ዘርእስታ ክሊፕ፡ ብቛንቋ ብሊን "ምንጅዋ" (ተዛራፊት) ዘርእስታ ክሊፕ፡ "ከረን ጸዕዳ!" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወት ንሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ከረን እትገልጽ ናይ መጀመርያ ስነዳዊት ፊልም፡ ብዕለት 20 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ብሓበር ምመራቓን እዩ።

ብሓፈሻኡ እቲ ብተመሃሮ፡ መንእሰያትን ስነጥበበኛታትን ንኽብሪ በዓል ናጽነት ዝተኻየደ ባህላውን ስነጥበባውን መደባት ብብደረጃኡን ምድብን ካብ መጀመርያ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክቐርብ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ካብ ዕለት 20 ክሳብ 22 ግንቦት እዩ ተሰሊሱ።

ርእሰ ከተማ ዞባ ዓንሰባ ዝኾነት ከተማ ከረን ንመበል 31 ዓመት ጽንበል ናጽነት ንምብዓል ብዙሕ ምድላዋት ዝተገብረሉ ባህታ ዝፈጥሩ ንጥፈታት እያ ኣካይዳ። ካብ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሩ መብዛሕቱ ኣብ ማእከል ከተማ ዝርከብ ትካላትን መንበሪ ገዛውትን ብሓዲሽ ሕብሪ (ቦያ) ተለኽዩ ማዕርጉ፡ ኣብ ዓበይቲ ጉደናታትን የማንን ጸጋምን ጽርግያታትን ናይ'ታ ከተማ ዝርከቡ ኣግራብ ኣሰሊዶም ኣትሕዞ እውን ታሕተዋይ ክፋሉ ብጻዕዳ ሕብሪ ብምቕባእ ጽባቐ ከተማ ከረን ኣተኣሳሲሩ። ብፍላይ እታ ኣብ ሕምብርቲ ከተማ ከረን እትርከብ ሸውዓተ ጨናፍር ጉደናታት ዘለዋ ጁራ ፍዮሪ ካብ ጫፍ ንጫፍ ተተሓሒዙ ብዝተሰቕለ ዓበይትን ንኣሸቱን ሃገራዊ ጥንዴራታትን ሕብራዊ መብራህትን ማዕረጋ ከም ስልምቲ ግዛ መርዓት መሲላ ቀኒያ።

ኣብ ኩሉ ጉደናታት ብሕብራዊ ቀለማት ኣብ ኣጫርቕቲ ዝተወቀጠ ንኽብሪ ናጽነት፡ ታሪኽ፡ መኸተን ልምዓትን ኤርትራ ዘንጸባርቕ ዝተፈላለዩ ጭርሖታት ተሰቒሉ ኣሎ። ብዘይካ'ቲ ብመትከሊ ድምጺ ኣብ ቀንዲ ማእከል ጉደናታት ከረን ክፍኖ ዝቖጸ ሃገራዊ ደርፍታት፡ ካብ ዕለት 23 ግንቦት ናይ ምሸት ጀሚሩ ክሳብ ወጋሕታ፡ ኣብ ጁራ ፍዮሪ ሰንትራል ብጉጅለ ባህሊ ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ ዞባ ዓንሰባን ጉጅለ ባህሊ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት በፈርን ዝቐረበ ቀጥታዊ መድረኽ ባህላዊ ምርኢት ደርፍታትን ድራማታትን ነቲ ክቡር ጽምብል ብዘይዳ ኣወሳኺኦዎ እዩ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ማእከል ከተማ ብተመሃሮ መንእሰያትን ዝቐረበ፡ ኣብ ሸውዓተ ምምሕዳራዊ ከበባታት ከረን ብብደረጃኡ ዝቐረቡ ባህላውን ስነጥበባውን ጽምብላት ተኻይዱ።

ብፍላይ ኣብ ምምሕዳር 05 ዕለት 22 ግንቦት ካብ ሰዓት 9:00 ናይ ረፍዲ ጀሚሩ ኣብ ዝተኻየደ ጸምብል፡ ካብ ከበቢ መጋርሕ ዝተበገሱ ኣማግል ብዛጋልብ፡ ከምኡ'ውን ሰፍኖ ከናትን ብዙሓት ምዳት ወናማት ባህላዊ ደበ ዝተሓወረሉ ጨፈረን ደበልትን ከም ወራድ መርዓ ትዕይንቲ ኣብ ቦታ ጽንበል ብጹሑ። ንዕድልቲ ኣቦታት ስበይቶም ከ ናይ ቤት ትምህርቲ መማእከል ህጻናት 'ሳድኣረ' (ተስፋ ጽባሕ) ናይ ትሽዓተኣን ብዘራትና ህጻናት፡ ያታዊ ክዳን፡ ያታዊ ዕጥቓን ክዳንን ተጋዲልቲ፡ ከምኡ'ውን ንደቅኣለን ዋርሳይን ኣጸላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘወክል ኣልባሳት ወደዮም ብመሳጢ ኣገባብ ተሰሪዖም እናተላዩ ኣትዮም።

ኣብ ኣፍደገ ናይ'ቲ ኮማዊ ዳስ ብምስሊ ግሎብ ብስነጥበባዊ ኣገባብ ኣብ ዝተዳለወት ዘዋሪት ዓባይ ክቢ፡ ብኸሉ ወገናታ ንትሽዓተኣን ብዘራትና ዘወክል ምስሊታት ዝሓዘ መሳጢ ምርኢት ነይሩ። እታ ወካሊት ምስሊ ብናይ ክብሪ ዕዱም ጸሓፊ ህ/ግ/ደ/ፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ተመሪቓ ድሕሪ ምኽፋታ፡ ብዩቶም ምስሊ ዕምባባ ለሚ ዝሰኑ ህጻናት ትሽዓተኣን ብዘራትናን ብሓጻርቲ መዘጋ ዝተሰየ ትልሂት ቀረቡ። ብዘይካ'ዚ እውን ብኣዘ እቶም ህጻናት፡ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ብሊንን ትግረን ዝቐረበ ንዕለተ-ናጽነት ዝገልጽ ግጥምታት ንዕዱማት ተሳተፍቲ ጸምብል ካብ ዝመሰጠ እዩ።

ከላቶም ኣብ ቦታ ጸምብል ዝበኡ ዕዱማትን ኣቕረብቲ መደባትን ብሳሙና ኣእዳዎም ተሓጺቦም፡ ረሲሒ ኣካሎም ተዓቒኑ፡ ማስክ ተዓዲሎም ከም ዝኣትው ይግበር ምንባሩ ኸኣ ነቲ ጨሪሱ ዘይተወገደ ለቡዳ ኮቪድ- 19 ሸለል ክንብል ከም ዘይግበኣና ዘየቫፍር ዕቱብ ተበግሶ ብምዃኑ ዝሕጎስ ተግባር እዩ።

ወግዓዊ መዛዘሚ ጽምብል መበል 31 ዓመት-ናጽነት ዞባ ዓንሰባ፡ ብዕለት 23 ግንቦት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ከረን ተሰላሲሉ። ሰዓት 3:00 ድሕሪ ቐትሪ ብመደብ ዝክረ ሰማእታት ምስ ተመወሰ፡ ብሃ/ማ/መ/ተ/ኤ እትእለ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባ ናይ ግዜ ገድሊ ሰውራዊ ደርፍታትን ትልሂትን ብምድጋም ንተዓዘብቲ ዝማሰጠን ተዘክሮታቶም ዘሐደሰን መደባት ኣቕሪባ፡ ቀጺሉ ድምጻዊ ግርማጽዮን ጉብረስለሰ ብቛንቋ ብሊን "ኣክሽኩኽኪ" (ንኽኣልኪ) እትብል መሳጢት ደርፌ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ዓንሰባ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ሰራጅ ሓጂ፡ ነቲ በዓልን ምድላዋቱን ዝምልከት መደረ ኣስሚዑ።

ኣቶ ሰራጅ ኣብ መደረኡ "ስዉኣዊ ሃገራውን ፖለቲካውን መሰልና ንምርግጋጽ ልዕሊ 4 ወለዶታት ዝቐጸለ ተኸታታሊ ጭቆና መግዛእቲ ብምብዳህ፡ ኣብ ዝተናውሐ መሪር ሓርነታዊ ኩናትን ምውሓስ ሃገርን ከይተሓለልና ረዚን ዋጋ ከፊልና። ሳላ'ዚ ማዛና ኣልቦ ክብሪ ማስዋእትን ኣካላዊ ስንክልናን ምኽፋልና ኸኣ ሃገርና ኤርትራ ልኡላዊነታ ዘኽበረት ኣካል ማሕበረሰብ ዓለም ክትከውን በቒዓ" ኢሉ። ቀጺሉ'ውን ንደምቀት'ቲ ጽምብል ዘድልን ዝዋባእን ምድላዋት ንምግባር 10 ኮሚተታት ቀይሙ ንልዕሊ ወርሒ ዝኸይድ ጽዑቕ ንጥፈታት ከም ዝተወደበን ዝተሰርሐን ገሊጹ።

ቀጺሉ ወግዓዊ መልእኽቲ ናይ'ቲ ብደረጃ ዞባ ዝተገብረ በዓል ዘቕረበ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ብሰንኪ ዓመጽትን ወዲታውያን ተጻባእትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝሰገርዎ ብደሆን ዘመዝገብዎ ዓወትን ብዝርዝር ድሕሪ ምትንታን፡ "መኸተና ኣንጻር ግዳማዊ ተጻባእታት ከምኡ'ውን ጸገማትን ልምዓትን ኤርትራ ንኸይረጋገጽ እኩይ ክፍሕሱ ከይደቀሱ ዝሓደሩ ታሪኻውያን ጸላእትና ውዲታቶም ንምፍሻል፡ ታሪኽና - ታሪኽ ቀያ ንሓርነትን ታሪኽ ጅግንነት ንምኽባር ልኡላውነትን ስለ ዝኾነ ሕጂ'ውን ዝመጽእ እንተ መጽአ ሓንቲ ኢድና ንምክልኻል፡ ሓንቲ ኢድና ድማ ንልምዓት ብምውፋር ራእይናን ባህግናን ካብ ምትግባር ኣይክንዕገትን ኢና" ኢሉ።

ኣብ'ቲ ኣብ ስታድዩም ዝተገብረ ሕብራዊ ስነጥበባውን ባህላውን መደባት ዘቕረበ ድራማን ግጥምታትን፡ ብቛንቋታት ትግርኛ፡ ትግረን ብሊንን ተዛዚቑ ዘቕረበ ደርፍታትን ትልሂትን ኣገዳሲ መሳጢ ነይሩ። ንኽብሪ'ቲ በዓል ካብ ኣስመራ ዝመጹ ጉዳይምን ህቡባትን ድምጻውያን ተስፋይ መሓሪ (ፍሒራ)፡ ከዲጃ ኣደምን ኢብራሂም ጎሪትን ምስ'ቶም ውልዶ መንእሰያት ተላፊናም ዘቕረብዎ ደርፍታት ድማ ነቲ ጽምብል ዝያዳ ዘማዕረገ ነይሩ።

ኣብ ምዝዛም'ቲ መደብ ንበዓል ናጽነት ንምምዕራግ በብምምሕዳር ከበባታት ዝተገብረ ምድላዋት ብምውድዳር፡ ብደያኑ ተመሚዩ ነጥቢ ተዋሂብዎ ምምሕዳር ከቢ 05 ቀዳመይቲ ኩይና ብምዕዋታ፡ ካብ ኢድ ኣመሓዳሪ ዞባ ዘዋሪት ዋንጫን ገንዘባዊ ሽልማትን ክትቅበል እንከላ፡ ካልኣይትን ሳልሰይትን ዝወጽኣ ምምሕዳራዊ ከበባታት 06ን 01ን እውን መተባብዒ ሽልማት ተዋሂበን። ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት፡ ቶርታ በዓል ናጽነት ናይ ምቕራስ ስነስርዓት ምስ ተኻየደ፡ ብሃገራዊ መዝሙር ወግዓዊ ምዝዛም ናይ'ቲ ጽምብል ኩይኑ።





## ሪፓርታዥ

# ጽምብል ናጽነት፡ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ!

ኣሕመዳኒ መሓመድ
ኣ/ዜ/ደ/ቀ/ባሕሪ



ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታትን ብደረጃ ዞባን ንዝቐረድ ጽምብል በዓል ናጽነት ንምድማቕ፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሚያዝያ እዩ ንጥፈታት ጀሚሩ። ባህላዊን ስፖርታዊን ንጥፈታት፡ መደባት ኮማዊ ጻዕት፡ ምርኢት ኤግዚብሽን ሱ-ጥበባዊ ምርኢታት ዝሓቖፉ መደባት ንምውህሃድ፡ ኮሚቴታት ኣብ ጽዑቕ ስራሕ እየን ተጸሚደን ቀንየን።

ብመሰረት ዝተሰርዐ መደብ፡ ካብ 13-15 ግንቦት ብደረጃ ንዞባ ኣራዕታ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣሉቲ ዝተኻየደ ንስፖርታዊን ባህላዊን ንጥፈታት እዩ ፈሊሙ። ህዝቢ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ - ብብዝሒ ዝተሳተፍዎ ድሙቕ መደብ ድማ ተኣንጊዱ።

ዝሰዓበ ኣብ ሞንጎ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትን ሰራሕተኛታት መንእሰያትን - እቲ ካብ 17-20 ግንቦት ዝተኻየደን ሓያል ተወዳዳርነት ዝተራእየን ታሪኽ ጠቕስ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት እዩ። ኣብ ከተማ ዓሰብ፡ ብ21 ግንቦት ድማ፡ ብደረጃ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ኣብ ሓርሰለ ብዝተመኮሰ ኣጋጣሚ ህዝቢ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዘቐደዱ ብባህላዊን ስፖርታዊን ንጥፈታት ዝደመቐን በዓል ነይሩ።

ኣብ ተመኮሰ ዕለት፡ ህዝቢ ከተማ ዓሰብ ዝዳለዎ ኮማዊ ጻዕት ነይሩ። ነቲ ኣብ ሰለስቲኣን ምምሕዳራት ከባቢ ዝተኻየደ መደብ ኮማዊ ጻዕት፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይን ሓለፍቲ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ክሳተፍዎ እንከለው፡ ህዝቢ እኽለ ማይን ዝተፈላለዩ ባህላዊ ንጥፈታትን ብምድላው ነቲ በዓል ደምቀት ሂብዎ።

ብ23 ግንቦት ድማ፡ እቲ ፍሉይ ምድላዋት ዝተኻየደሉ ስነስርዓት ወግዓዊ በዓል ብደረጃ ዞባ እዩ። መበል 31 ዓመት በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ 'ንያትና - ናጻ ሕርያና' ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ - ኣብ ሰዓታት ናይ ንግሆ ተጸምቢሉ።

እቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ፡ ሱልጣን ራሓይታ ዓብዱልቃድር ዳውድ፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብርክት ዝበለ ህዙብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ዝተሳተፍዎ ጽምብል፡ ብዝተፈላለዩ ባህላዊ መሰናድኣታት ዝደመቐ ነይሩ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ ሰዒድ ማንታይ፡ "24 ግንቦት ካብ ድቕድቕ ጸልማ ናብ ድሙቕ ብርሃን ዘሰጋገረት ክብርቲ ዕለት ብምዃና'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻኣን ንኽብራን



ርዝሒታን ብዘይምጥን ኣጕዚብ ከብዕላ ዝረኣ ዘሎ" ኢሉ።

ብልዑል ተሰፋ ዝጀመረ ጉዕዞ ናጽነትትና ንምኽልፍ፡ ብዙሕ መሰናኽላት ዝሓለፈ ጉዳማዊ ተጻብኦታትን ቅሉዕ ወራራትን - ሳላ ንጹር ራእይናን ቅኑዕ መስመርናን ክምኩት ከምዝኸኣለ ብምምልካት ከኣ፡ በዚ ኑብሰና ከይጠበርና ንጡፍ መኸተናን ድሉውነትናን ክንደርዕ ከምዝዮዮእ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ድማ፡ ነቲ በዓል ንምድማቕ ካብ ምምሕዳር ከባቢታት ኣትሒዝካ ክሳብ ብደረጃ ዞባ ንዝተገብረ ምድላዋት ዘርዚራ፡ ንምዕዋቱ ኣበርኪቶ ንዘበኩ ኣካላት መንግስትን ህዙብን ኣመስጊና።

እቲ ጽምብል፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ክም ልሙድ - ክሳብ 26 ግንቦት፡ ማለት ክሳብ ዕለተ-ምሕረር እታ ከተማ፡ ኣብ ቀጽሪ ራስ ጎዞ ብዝተኻየዱ ባህላዊን ስነ-ጥበባዊን ንጥፈታት ማዕርጉ ቀጺሉ።

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ!

ቀዳዊ ተወልደ
ኣ/ዜ/ዞ/ጋሽ-ባርካ




ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ምምሕዳራትን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብሓፈሻ፡ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ድማ ብፍላይ - ምስ መንግስታውያን ማሕበራትን ሰራዊትን ብምውህሃድ እዮም፡ ጽምብል ንጽነት ንምድማቕ - ካብ መጀመርታ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚሮም ምድላዋቶም ክጸፍፉ ጸኒሖም።

እቲ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት፡ ልምዓታዊ ንጥፈታት፡ ስፖርታዊ ውድድራት ምሽላም ጎደናታትን ካልኦት መደባትን ኣካቲቱ ክሳብ ምምሕዳር ከባቢታት ብምውራድ ክኸየድ ዝቐንየ ምድላዋት ምስ ተጻፈፈ፡ ብ22 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ድሙቕ ጽምብል ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ጌና መለኡ ንዘይተቐንጠጠ ስግኣት ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ግምት ብዘእተወ ኣገባብ ዝተኻየደ፡ ኣመሓደርቲ ሳዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ግንባርን ህዙብን ዝተሳተፍዎን ጽምብል፡ ትርጉሙን ርዝነትን ዋጋ ናጽነት ዘንጸባርቑን ንመኸተን ልምዓትን ዝድርዕን ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ክቐርቡ እንከለው፡ ኣቦመንበር ሽማግለ በዓላት ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ድማ፡ ነቲ ጽምብል ብደረጃ ዞባ ንምድማቕ ንዝተዓሙ ንጥፈታትን ወጽኢቱን ዝምልከት ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ኩሎም ክኸዩዱ ዝጸንሑ ምድልዋት፡ ብልዑል ወህደትን ኣበርክቶን ህዝቢ፡ ምምሕዳራት፡ ሰራዊት፡ ኣካላት መንግስትን ተጻፊፎም - ህዝቢ ብብምምሕዳር ከባቢኡ ተወዲቡ ካብ 17 ክሳብ 24 ግንቦት ዝቐጸለ ድሙቕ በዓል ከኪይድ ከምዝቐየ ኣረዲኡ።

"24 ግንቦት መዓልቲ ሓበን፡ መዓልቲ ተወፋይነት፡ መዓልቲ ጽንዓትን መኸተን ኣብ ርእሲ ምዃና፡ ልኡላውነትና ብምውሓስ ድልዱል ዝሰረቱ ልምዓታዊ ጉስጓስ ንምምዛጉብ ቃል እንኣትወላ ዕለት'ያ" ዝበለ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፡ ዕለት ናጽነቱ ብደምቀት ዝጸምብለሉ ምኽንያት፡ ናጽነት ምምጻእን ንምውሓስን ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ብዕምቆት ተገዚቡ - ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም ዘለዎ ናጻ ሕርያናን ዘይተዓጠጠ ኣኽብሮትን ብዘንጸባርቕ



ቴማ ተሰኒዩ ብድምቀት ከም እተኻየደ ገሊጹ።

ምርግጋጽ ሃገራዊ ድሕነትናን ሰላምን ርእሲ ኩሎም ቀዳምነታት ዝስራዕ ብምዃኑ፡ ብጥሙር ናይ ክተት መኸተ ኩሉ-መድያዊ ሱታፌ ክረጋገጽ መድረኽ ዝጠልቦ ግዴታ ምዃኑ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣገንዚቡ።

ማዕረ ማዕረ ሰላምን ድሕነትን ናይ ምውሓስ ተልእኾ፡ ሕርሻዊ እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ፡ ሃብቲ እንስሳ ንምስሳን፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕን ንምምሕያሽን፡ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእን ግብሪ መንግስቲ ንምእካብን ካልኦት መደባት ልምዓት ንምዕዋትን፡ ብጽፉፍ ኣውዳድባ ዓቕሚ ሰብን ምሕደራ ጸጋታትን ዝተደገፈ ጻዕሪ ክግበር ድማ ኣዘኻኺሩ።

# ኣቶም ምዑታት ማሕዩ

ጴጥሮስ ተፈሪ

ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል

እቶም ኣርባዕተ ሰባት ኣብ'ታ ለይቲ እቲኣ ከም ዝሃደሙ ተፈልጠ፡፡ ቦታኦም ክትካእ ስለዝነበሮ፣ ካብ'ቶም ዘይተወዘፉ ብፃማል ዘፅገሞሩ ዝነበሩ ተወሰኹ፡፡ ሓደ ካብኣቶም ጉይትኦም ጺጋይ (ወዲ ጋይም)፡ እዞም ብጾት ዘይከም'ቲ ንኣስ ዕድመኦም፣ ኑቶም ብድሕሪኦም ዝሰዓብና ኣብ ከባቢ ዕድመኦም ዝነበርና ብብዙሕ መንገዲ ኣርኣያ ኩይናምናን ጸልዮምናን እዮም፡፡ ብውልቂ ካብ'ቶም ድሒሮም ዝመጽኡ ኣነ ቅድም ስለዝበልክዑ ዘይዳ ከሰብሎም እዩ፡፡ ብዙሕ



ክዙብሮን ክኾኖን ዘለኒ ካብኦቶም ርእየ እዩ፡፡ እቲ ዝበርክዎ ግዘን እቲ ገድልን ዝጠልቦ ምሂሮምኒ እዮም፡፡ ረደዮ ርክብ የብሩዩኻ ሃባ እንተበልካዮም መታን ከይህቡኻ፣ 'ኣብ ዝበለይ እንክላ ተራኺብ' ኢያ መልሶም፡፡ ሰእኑት ድቃስ ነዊሑካ ቁሩብ ቀም ከተብል ረደዮ ዝሕዘልካ፣ ኑቲ ቀለል ቀለል ረደዮ ከፊትካ እንታይ ኣሎ ኢልካ ምሕታትካን ምስ ዝደለ ኣካል ምርኻብን እውን ኣይጠፍኦምን፡፡ በቃ ከይዶም ድፋዕ ኣትዮም ኣብ'ቲ ከፍሊታትካን መታኸቢ ጃብታትን ምስ ተሰኹው ኣበይ ከም ድልየትና ክንራኸብ ክንካፈቕ ኢና፡፡

ሓደ መዓልቲ፡ ቦጦሎኒ ክልተ ናይ በዓል መሓሪ ዑቕባዮንን ወዲ ሃንስን ኣኼባ ስለዝነበራ፣ ንታባ ሕረት ደየብና፡፡ ኣነ ምስ እምባዚቶ ምልክቱ ስለ ዝሁበርኩ እየ ናብኡ ዝመጻእኩ፡፡ እምባዚቶ - "ኣብዚ ኩይንካ እናተራኸብካ ኣኼባ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ" በለኒ፡፡ ክሳብ ሽዑ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዘይምልከቶ ወይ ዘይኣሃዱኡ ከምዝይሳተፍ እየ ተረዲኤዮ ነይረ፡፡ ኾ'ውን ጋሻ ኑቲ ገድሊ'የ ዘለኹ፡፡ ርብዒ ዓመት ዝገበርኩ ተጋዳላይ፡፡ ኑቲ ድፋዕ ከኣ'ሞ ሽዑ'የ እግረይ ዝንበረሉ ነይረ፡፡

ኣብ መንጎ መንጎ ርክብ እናኣቋረደኩ፣ ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፈ፡፡ ኣብ ምዝዛም ኣኼባ ኣብ ሕቶን ርእይቶን ተበጺሑ'ውን ብዙሓኡ፡፡ ንመጻኢ ኩጋጥም ዝኽእል ምስ ቅርጺ መሬትን ኩነታት ዝኸይድ ብዙሕ ሕቶታት ቀረቡ - ወዲ ዑቕባዝጊ "ሰምዑ ከም'ዚ እንተኾነ ከም'ቲ እንተኾነ ኣይትበሉ፡፡ እቲ ውልቀ-ተበላሓትኩትካ? እቲ ውልቀ-ተበላሓትኩትካ ኑቲ ሽዑ ኩጋጥመካ ዝኽእል ሕጂ ዘይተረድኣካ ተባሊሒትካ ክትፈትሖ እዩ" ክብል መለሰ፡፡ ሓቁ እዩ ንፍሲ-ወከፍ እንተኾነ ተባዚሉ ብዝዕባ መጻኢ ትመጽእ ሕቶ ብልክዕ ናታ መልሲ ከተቐምጠላ ኣይትኽእል ኢኻ፡፡ ምስ ኣጋጠመት ኢኻ መዚዚንካ ክትፈትሓ ዘለካ፡፡ ከም'ዛ ድሕሪ'ቲ እዋን ኣኼባ ዘጋጠመት ናይ ሓደ ማሕዩ ፍጻመ፡፡

እታ ፍጻመ፡ ብዕለት 29/09/1990 ተሓዋወሰ ኣብ ዝነበሮ ኩናት ሩባ ደግራ እዩ፣ ሓደ ብጻይ ይኸበዝ'ሞ - ጦር ክሕዝዎ ይጎይያ፡፡ በዓማ የብሉን፡፡ ኣብ ካዝናኡ ጎደሎ ፍርቂ ካዝና ጥይት ነይረናኦ፡፡ "ተባዕን ትክን መውጽኢ ነይሰኣን" ከምዝበሃል ግና፣ እዚ ብጻይ ለከምወን ማሰስ ኣሉ ወጺኡ፡፡ እቲ ሓደ ካብ'ቶም ምዑታት ማሕዩ ዝኾኑ የማነ ጉብረሂወት እዩ፡፡ የማነ መውጽኢ መንገዱ ዓጊተን ብኣደን ንክሕዝኦ "እጅህን ስጥ!" ምስ በሉኦ፣ ገለ ሓሳብ ናብ ሓንጎሉ ይመጽኦ'ሞ ኣዱ ናብ ድሕሪ ዕጥቁ ሰዲዱ ቦምባ ምሻት ኣብሉ ከም ዘውጽኣ ኣምሲሉ፣ ዓው ኢሉ "ቦምባ!" ብምባል፣ ናብ'ተን ቅድሚኡ ዝነበራ ጦር-ሰራዊት ሰው የብሎ፡፡ ወየን ጦር-ሰራዊት ከ'ለን በጥ ኢለን ርእሰን ምስ መሬት ኣላግበን ደቀሳ፡፡ ብድሕሪ'ዚ የማነ ማሪኾናኦ እናተባሀለ፣ ንብጾቱ ብዘገረመ ትብዓት ኑተን ዝነበራኦ ጢያይት ኣብ ልዕሊኣን ሻሕሺሐ፣ ካብኣተን ብረትን ቦምባታትን ተማሊኡ በሎኽ ኢሉ ካብ ከበባ ወጺኡ፡፡

ኣብ ሓንቲ ኣርእስታ ክዘክራ ዘይከኣልኩ መጽሓፍ፣ "ሓደ ሰብ ኣብ ዓውዲ ኩናት ጅግና ዝበሃል ካብ ብጾቱ ንላዕሊ ምሉእ መዓልቲ ክዋጋእ ስለዝዋዓለ ዘይኮነ፣ 10 ደቒቕ ዘይትኣክል ካብኦቶም ፍልይ ዝበለ ስለዝሰርሐ እዩ" ዝብል ኣንበብ ኣለኹ፡፡ እዚ ከምዚኣ ኢሉ ዝጸሓፈ፡ ወተሃደር ኩይኑ ኩናት ዝፈልጥ ኣይመስለንን፡፡ ከመይ 10 ደቒቕ ኣብ ኩናት ሓደ ዓቢ ለውጢ ከተምጽእ ትኽእልዩ፡፡ ሓደ ጅግና ዋላ ኣብ ካልኢታት ብዘሰርሖ'ውን ጅግና ጀጋኑ ዝበሎ ኣብ'ቲ ዓውዲ ውግእ ዓቢ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል፡፡ እታ ንየማነ ሽዓ ዝተራእየቶ ዝኾነ ሰብ ቦምባ ናብኡ ዝተተኮሱየ፣ ኣብ ክንዲ በጥ ኢሉ ርእሱ ኣልዕል ኣብሉ ዝኪታተል፣ ኣዒንቱ ከይህረም ርእሱ ደፊኡ በጥ ከምዝብል እዩ፡፡ ዝእኣ መዝዮሄዞ እዩ ቦምባ ዘይብሉ ቦምባ ኢሉ ብምድርባይ በጥ ከምዝብሎ ገይሩ ቀቲልወን ዝወጸኦ፡፡

ናይ የማነ ነገረ ቦምባ ኣብ'ዚ ኣየብቅዕን እዩ፡፡ ሓደ እዋን ድሕሪ ናጽነት እዩ፣ ጋንታ ኑቶም ዝመጽእዋ ሓደስቲ ምስ'ቶም ዝጸንሑ ኣባላታ ጸንበራ እናዓለመት፣ ቦምባ ከመይ ትድርብያ ብዮዝበሪ ከተፈትን ንሓንቲ ኋል ክትትክሳ ተዋህበታ፡፡ ወያ ኋል ከም'ቲ ዝተማህረቶ ቀለቤት ስሒባ ኣቢላ ኣርሒቓ ክትሰንድዋ ወስ ክትብል፣ ካብ ኢዳ ሞሊቓ ኣብ ጥቓ እታ ጋንታ ዓለበት'ሞ ጋንታ ኣብ ሓደጋ ወደቐት፡፡ ዝ ዝረኣየ የማነ ተቐላጢፉ ብእግሩ ምቕላዕ ነታ ጋንታ ኣድሒንዋ፡፡

ልክዕ ከምዚኣ ካልእ፡ ኣብ ካልኣይ ወራር ወያኑ፡ ኣብ ኩናት ዓዲ ሃኪን'ውን ጸላኢ ዝደርበያ ቦምባ፣ ኣብ ማእከል እታ ኣብ ትሕቲ ዓቢ ከውሒ ተኸዊላ ክትዛጀም ትጻሎ ዝነበረት - የማ ዝርከብ ጋንታ ዓለበት፡፡ የማ ከም ኣመሉ ብእግሩ ቀለው ንብላሽ ከም እትጠፍእ ገበረ፡፡ እዚ ታትዶ ኣይኮነን እቲ ምስ ገጠመካ ተባሊሒትካን ነጢፍካን ክትወጽእ ከምዝለካ ዝገልጾ ዝነበረ ወዲ ዑቕባዝጊ፡፡ ኣብ ባይታ ምስ ዘጋጥሙኻ ብድሆታት ተጋላቢጥካን ተባሊሒትካን ናይ ምፍትሖም ውልቀ-ብቕዓት ዘድልየካ እዩ፡፡ ማሕዩታት እምበኣር፡ ኣብ ኩናት ዝታት ዝመልኩ ብሉጻት እዮም፡፡

ምስ'ቶም ምዑታት ብጾት ማሕዩታት ብርጌድና፡ ብድሕሪ ናብ ሓይሊታት ምውዛዕም፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ግብጃ ተኣኻኺብና፡፡ ሽዑ ተጋዳላይ ነታ ሓንቲ ቅላዕ ዝጸበየላ ዝነበረ እዋን ሓወሲ ምዝናይ ዝነበረ እዩ፡፡ ኣብቲ ሰዋ ዝበሮ ምዝንጋዕ ተኣኪቡካ "ሆ" እዩ፡፡ ሽዑ ወዲ ዓላን የማነ፡ ኣባላት ናይ'ታ ንወተሃደራት ጸላኢ ተጸናትያ ኣብ ዝተረኸበ ናይ ቋሕሰም ግዜ ኣውዲቓ ከተብቅዕ፣ ካብ ኢድ'ቲ ወተሃደር ወዲቓ ከተብሎጭልጭ ንዝተራእየት ሰዓት እውን፣ ብተመልከተለይ ትሕምሸሽ መሰርዕ ቅጭ-ሕርሙ እዮም ነይሮም፡፡ ክልቲኦም ካብ በጦሎኒኦም ተሓርዮም ሰደድዎም ተባዚሎም እዮም ተማሂሮም፡፡ ይትረፍ ቅጭ-ሕርሙ ሐዙም ብዮላሽን መን ቀዳሙ ኣብ ዝሓጸረ ኮፍ ኢሉ ዒላማ ሃረመ ዝወዳደሩ ወናማት ተኩስቲን ጨምትቲን ስለዝነበሩ እዩ፡፡ ከም ሰጦም ተዓዲሞም ናብ'ቲ ባህሊ ቦጦሎኒ ዝነበሮ ምዝንጋዕ መጺኦም፡፡

ተሰፋይ ጉብርሂወት ገጹን ጅማውቲ ክሳዱን ተገታቲሩ፣ የማ ከምኡ ሓፍ ኢሉ ኢዱ ዓሚኹ ብንዱር ድምጺ - በዓል ወዲ-ጋይምን ወዲ-ዓላን ኣለምሰገድን እውን ካብ ናታቶም ብዘይፍለ ብዖሚቅ ስምዒት -

"ለይ ለይ

ሰየ ሓወና. . .

ሓንቲ ቅላዕ'ያ ተሪፉ ሓንቲ

ጽፍዒት

ሓንቲ ህጁም'ያ ለይለይ

ሓንቲ ድፍኢት. . .

ኣብይካ ከሎ ሓወይ ኣብ ገምገም

ገደል

ሓሂቑካ ኣጽደፎ ሃየ ኣደ

ኣደካ በሊ. . .

እናበሉ ክደርፉ ከለው፡ ገጾም ዝዘንተእሉት ዝኽወሰኒ ኣይኮነን፡፡ ብዕምቆትን ካብ ውሽጢ ልቦም ብዘወጽኦ ቃናን ይደርፉ፡፡ እቶም ኣዕሩኽ እንዳ እዚ ነገር ተሓቛቝፎም ክዘምሩ ወዓሎም፡ እታ ቅላዕ ክትመጽኣሎም ሃረር እናበሉ፡፡

ብድሕሪ እዚኣ ኣብ ዝነበረ ሰሙናት ግና፡ ጎይትኦም ጺጋይ (ወዲ-ጋይም) ነታ ሓንቲ ቅላዕ ከየቃለሰም፣ ግና ኣብ ድፋዕ ኩይኑ ሓለዋኡ እናገበረ ተፈልዩናም ተሰዊኡ፡፡ "ዋርድያ እንክሎ ኣሃን የማነን ከይድናዮ ምስኡ ኣብ'ቲ እንዳ ዋርድያ ኣዕለልና፡፡ መድፍዓጂ ኣርፒጂ ስለዝነበረ፣ እዛ ሓንቲ ቅላዕ እም ትምጸእ በዛ ኣርፒጂይ ገይረ በዚ ጉንዲ እዝቐኽን ፋፍ ከብለልክን እየ እናበለ ኣስሒቑ ጸሒሑና፡፡ ካብኡ ተፈሊና ቁሩብ ምስ ከድና፡ ተኹሲ ሰሚዕና፡፡ ጽንሕ ኢልና ሓደ ዝተወግአ ተሰኪሞም ክኸዱ ርኢና፣ ንዕኡ ግና ኣይሃብናዮን፡፡ ነዊሕ ከይጸናሕና ግና ወዲ ጋይም ምዃኑን ኣብ መንገዲ ከም ዝተሰውኣን ፈለጥና" ይብል ሃብተማርያም ሰዩም (ወዲ ዓላ) ብምድፍናቕ - ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝተራኸብናሉ፡፡ ወዲ ጋይም ዋርድያ እንክሎ እዩ ብብሬን ጸላኢ ተሃሪሙ ተሰዊኡ፡፡

ዛዛሚ ኩናት ነቒሉ፡ ዕለት 20 ኣብ ሰግር ደቀምሓረ ዘሎ ተረተር ሓደርና፡፡ ንጽባሒቱ ደቀምሓረ ምስ ተታሕዘት ክልተ ሰብ ጠፍኡና፡፡ መሓሙድ ሰዒድን ተስፋማርያም ኣቡጥሮስን፡፡ ክልቲኦም ኑቶም ኣቐዲሞም ናብ ሓይሊታት ዝተወዘዑ ብዓል የማነ ብምትካእ ከም ኣባላት እዚ (ማሕዩታት) ምሳና ዝነበሩ እዮም፡፡ እቲ መንፈስ ናይ'ቶም ዝቐደሙ ሃብሮም ዝጸነሑም ዝወረሱ፣ ካብኦቶም ዘይሓምቑ እዮም ነይሮም፡፡ ንደቀምሓረ ክንኣቱ ክንጠበስ እንክሎና ኢና ዘኪርናዮም፡፡ ኣበይ ኣትዮም እንተበልካስ ወይከ መልሲ፡፡

ለካ ንሳቶም ሃዲሞም ናብ ኩናት



ብምእታው ኣብ ጉድኒ እቲ ሽዑ ኣብ ቅድመኦም ኣብ ሽንኽ ደቂናዘ ዝተሰወአ ተሰፋይ ጉብርሂወት ጸማዶም፡፡ ተስፋይ ምስረኣየም ዋላ'ኳ ደስኸናሊን ጥሒሶም ዝገበርዋ ምኳና እንተፈለጠ፣ ተሓበሎም ደኣ፡፡ ንሱ እውን ኣብ ሓደ ግዜ ዝጡሓሶ እዮም ገይሮም፡፡ በሉ ካብ ዓዐቕካ ተቛናደፍ እዩ'ሞ ኣጅኹም እናበለ ኣተባብዖም፡፡ ነታ ጅማውቱ ጉቲሩ ዝደረፈላ ሓንቲ ቅላዕ ኣፋሪቑ ከኣ፣ ንዓኣቶም ኣብ ጉድኑ ገይሩ ኣዋገኦ፡፡ ብዕለት 21/05/1991 ደቀምሓረ ምስ ሓለፈ ግን ተሰዊኡ፡፡ ወዲ-ሰዒድን ተሰፋማርያም ኣቡጥሮስን ከኣ፣ ንዕኡን ንፀምኡ ዝኣመሰሉን ተኪኦም፣ ትውግእ ወዓሎም ኣማሲዮኡ ክልቲኦም ተወጊኦም ወጺኦም፡፡

ድሕሪ ናጽነት፡ ወያ ኣብ ዝኸፈቶ ኩናት - ምስ የማነ ተራኺብና፡፡ ምስ ወዲ-ሰዒድ ከኣ ደቂ ሓንቲ ቦጦሎኒ ኩይንና፡፡ ሽዑ ኩሉ እቲ መንፈስ ናይ እንዳ እዚ ምስ ወዲ ሰዒድ ነይሩ፡፡ ኣብ ወዲ ሰዒድ ዝነበረ ሓይሊ ፍሉይ እዩ፡፡ ንጀራብን ፋሽሽቲ ከም ጃሎን ብሓንቲ ኢዱ ሰፍሲፉ ዝሕጸብ ብዓል ሓደ ዓጽሚ እዩ፡፡ ጠባይ ኣሎ ከይተዀነፍካዮ ኣይትንኩፍን፡፡ ክብደል ንዘረኣዮ ከኣ ይፍለጦ ኣይፍለጦ ይሓልፈሉ፡፡ ካልኣይ ወራር ሰለየ ቦጦሎኒና ጉድኒ ጉድኒና ስለዝነበሩ፣ ነታ PRC ሓዚሉልና እዩ ዝነብዓዘ ነይሩ፡፡ ብፍላይ ኑቲ ተረርቲ ጎቦታት ግርመን እላላን ባዕሉ እዩ ተሰኪሙ ወዲእዎ፡፡ ሃባ ኢልካዮ ኣይሀበካን "ሰብ ቀደም ከም ቀደምና ደኣ!" ይምልስ - ኣብ ዝበለይ እንክላ ተራኺብ ይብለካ፡፡

ወዲ ሰዒድ 06/99 ኣብ ኩናት ጎሾሞ ዝበሮ ወሳንኦት ደብል እዩ፡፡ ኣብ ሳልሳይ ወራር ኣብ ኩዱወይባ ብረቱ ተሓንገጡ ብሬን ኣልዒሉ ዝፈጸሞ ጅግንነት ብልጫ ናይ'ቶም ማሕዩታት እዩ፡፡ ግና ኣብ ድፋዓት ሐመር እንክሎና ሰብ ቀደም ከም ቀደምና ደኣ ክብለኒ ዝሰመዐ ኢብራሂም መሓመድ ኣደም ዝበሃል ኣባል 6ይ ዙርያ ማንጁስ ቦጦሎኒ/ማሕዩ ተገዲሰ ኣዕሊለዩ፡፡ ኢብራሂም ናብ ሓይሊታት ዘይተወዘዐኹ እናበለ ቀጻሊ ሕቶ ዘልዕል ዝነበረ እዩ፡፡ በሊሕ፣ ደፋር ከኣ፡፡ ካብ ዕጥቁ ተፈልዩ ኩሓድር ዘይደሊ ኣተዓጣጥቓኡን ዕጥቁን ፍሉጥ፡፡ ወዲ ሰዒድ ከም'ዚ ንሰኻ እንተዘይ ተወዚዕኹ እናበለ ዞጨብርብር ዝበረ ማሕዩ እዩ ነይሩ ኢለዩ ብጥሪኡ፡፡

"ግደፍ እባ ኣይትጽረፎ" በሎኒ፡፡ "ጸርፊ ኣይኮነን ክትከርዓሉ ዘለኻ ናይ ስራሕ ቦታ እዩ" ክብል መለሰለ፡፡ ብዛዕባ እቶም ዝፈልጦም ኩሎም ማሕዩታት ዝበሮም መንፍዓት ኣሰዊበሉ፡፡ ናቱ ብልጫን ኣጉዳሉትን ኣብቲ እንዳ ቦጦሎኒ ከኣ ወሲኽሉ፡፡ ውዓሉ ሓዲሩ ምውዛዕ ከምዝይተርፎ ነገርኩዎ፡፡ እንተኾነ ኢብራሂም ዋላ'ኳ ንዝተዋህቦ ስራሕ ብስርዓት ዝፍጽም ምቕሉል እንተነበረ፡ እታ ድሌት ናብ ሓይሊታት ምውዛዕ ግና ጸቒጠሉ ደኣ፡፡

ተወዚዑ - ናብ'ታ ወዲ ሰዒድ ዝበራ ስለየ ቦጦሎኒ፡፡ ምስኣ ኩይኑ ከኣ፡ ኣብ ሳልሳይ ወራር፣ ንቦጦሎኒና ኑቲ ክጉብጦን ክኸብን ዝደለየ ጸላኢ ጉይዮም ብምኻድ ዓጊቶም ብምምኻት፣ ከም እትዓሎን ከም እትውዳደብን ካብ ዝጉብሩ ልዕሊ ኩሉ ብምኻኑ ኣብኣ ኣቢታ ቅድሚ ኩሉ ጉይዩ ንጸላኢ ዝኪታተላ ከባቢ ጎቦ ጀበል ሓምድ - ከባቢ ጎልጅ፡ ኣብ 12/06/2000 ተሰዊኡ፡፡ ብመንፈስ እቲ ተወራራሲ ትብዓትን ጅግንነትን ማሕዩታት - ግቡኡ ፈጺሙ፡፡

# ሕብራዊት ብርዒ

ኣቤል ኤፍሬም

## ገለ ካብ ሰውራዊ ፍጻመታት

# ኣብ ስርሒት ፈንቅል ካብ ዕለት 8 ክሳብ 16 ለካቲት 1990 ጥራይ ስርዓት ደርግ ኣስታት 18,000 ሰብኣዊ ክሳራ ክወርዶ እንከሎ፡ ኣብ ምሉእ ኅላገል ሰምሃር ተዘርጊሑ ዝነበረ ኣጽዋራቱ ድማ፡ ብዘይካ ውሑድ ዝሃነወ ዳርጋ ኩሉ ንብረት ህዝባዊ ሰራዊት ኮይኑ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ስርሒት'ዚ፡ ኣስታት 130 በበዓይነተን ታንክታት 8 ቢ.ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬት፡ ኣስታት 70 ከበድቲ መዳፍዕ (122፡ 85፡ 76 ሚ.ሜ ) ኣስታት 100 ከበድቲ ረሻሻት ( 23፡ 37 ሚ.ሜ) ካልእ ብዙሕ ንብረትን ተተኳሲን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወ።

# መደበር ዕቑባት ኣብ ሰውራ ብጥሪ 1975 ብ40 ዓበይቲ (መብዝሕተአን ኣደታት) 100 ቈልዑ ኣብ ዜሮ ጀሚሩ።

# ምጽዋዕ ኣብ 1990 ካብ 4 ሚያዝያ ክሳብ 11 ግንቦት ጥራይ ( ኣብ ወሽጢ ወርሕን ሰሙንን) 11 ግዜ ብነፈርቲ ደርግ ተደብዲባ፡ በቲ ባርባራዊ ግፍዒ 124 ንጹሃት ዜጋታት ሞይቶም፡ 331 ቆሲሎም፡ ልዕሊ 152 ኣባይቲ ድማ ዓንዩ።

# ቀዳማይ ስርሒት ኮማንዶ ብ21 ግንቦት 1984 ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ሰምበል ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ 33 ነፈርቲ ኩናት ጸላኢ- ካብአን 16 ሚግ ተቓጺለን።

# ንፈለማ ግዜ ተጋደልቲ ውዳቦኦም ናብ ደረጃ ክፍልታት ዝዓበየ ኣብ 1967 እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ዝነበራ ኣሃዱታት ድማ ኣርብዓ ኣቋውማ ነበረን።

# ህ.ግ ኣብ መፋርቕ ሓምለ 1978 ከዝልቕ እንከሎ፡ ብጠቕላላ 9 ብርጌዳትን ሓንቲ ፍልይቲ በጦሎንን ነበሮ። እተን ብርጌዳት ከኣ ብርጌድ 4፡ 8፡ 23፡ 31፡ 44፡ 51፡ 58፡ 70፡ 76፡ ከምኡ'ውን ሓንቲ ፍልይቲ በጦሎኒ እየን።

# ህ.ግ ኣብ ምሩኻት ኩናት ብዘለዎ ፍትሓውን ንጹርን ኣመላኽክታ፡ ኣብ 1982 ብጥርነፍ ሰለስተ ሽሕ ምሩኻት ኩናት ናብ ዓደም ኣፋንዩዎም።

# ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ከበድ ሓርነታዊ ኩናት 65 ሽሕ ተሰዊኦም፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ከኣ ሰንኪሎም። ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ሃገር ከኣ ኣስታት 19 ሽሕ ተበጂዮም።

# ወራር "ወዶ ዞማች" (ራዛ ፕሮጀክት ) ኣብ 21 ግንቦት 1976 ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ካብ 30-40 ሽሕ ዝኾኑ ሓረስቶት ኢትዮጵያውያን ዕጡቓት ንኤርትራ ክዘምቱ ነቒሎም፡ ብተጋደልቲ ተጸፊዖም ተበታቲኖም።

# ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ክሳብ ድሮ ናጽነት 1991 ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ጸለምን ጻዕዳን ስእልታት (ፎቶስ) ከምኡ'ውን ብዙሕ ስላይድን ሕብራዊ ስእልታትን ክሰኣልን ክዕቀብን ክኢሉ።

# ካብ 23-25 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ረፈረንደም፡ ድምር ዝተመዝገቡ ኣድመጽቲ 1,173,706 ኮይኖም፡ ካብዚኦቶም 1,156,280 ኣብ ምድማጽ ተሳቲፎም። 99.805% ብዝኾነ ወጽኢት ድማ "እወ ንናጽነት" ኣድሚጾም።

***ማዕራሽከ- እዛ ጽሕፍቲ ኑታ ብዕለት 20 ግንቦት 2022 ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ገጽ 5 (ኣብዛ ዓምዲ እዚኣ) ወጺኣ ዝነበረት፡ "ገለ ካብ ሰውራዊ ፍጻመታት" እትብል ኣርእስቲ ተኪኣ ዝወጸት ኮይና፡ ኣብ ናይ ሽዑ ሕታም ዝነበሩ ጌጋታት ተኣሪሙ ኣሎ።***

## ረዚን ዝኽሪ

ኣብ ድሎ ብድሎ ንቓልሲ ብዞ
በዓል ክልተ ክንፊ
ኣፍራዛ ባዴላ ምስ ብረት ትሓዝሎ
ዝትዕ ዒላ ብኣኻ ክምስሎ
ነቒለ ውዕሎኻ ክሰንድ ታሪኽካ
ብርዐይ እንደሞ ነቒጸ ብጽንዓትካ ተቓበጸ
ማስመር ምሕንጣጥ ኣብዩ።
ሰራውር'ዛ ረሙ
መኸተን ልምዓትን መተርኣሱ
ጋዓት ጠሶሚ
ዕሪ ጾሚቖኳስ መዓር እትጸፊ
ኣቡኑበሮ ዓመጽ
ንጽልኢ ብጽንዓት ንጥምየት ብትብዓት
ክሳዱ ትቐጽየ።
መላግቦ ሓበን
ንሰኻ ትዓጽ   መን'ሞ ክኽእሎ?
ጽንዓትካ ዝዕቅን የብለይን ሓቦ
ንባሕሪ ክጭንጉዕ ዝቐለሲ እንከሎ
ሰቐ'ለ እፍትን ዕምቀቱ ዘይፈልጦ
በዓል ድርብ ስሕሉት ውዕሉቱ ዘይጽንቀቕ
ሂቡ ከይረብረበ እንክበለ ኣቱ
ናይ ሓብር ይሓስብ

በዓል ትሽዓተ በትሪ
ኣብ ሓንቲ ሓደኑት ዝኣመተ።
መን ብኡኡ ዘይቀንኡ - ንሰለኣ ምስ ደክ
ከም ህጃንን ማሕዘልን ከይተኻጸለ
ምንባራ ኣብ ምንባሩ ምስ ተመዓራረየ
እዮብ ኢሉምኻ ኣፎም እናጠየቖም ዕሪ
ጽንዓትካ ንሾጉር ገጢሙ ምስ ኣሕመቐ።
ጓስ ረሙ ዝሕልዋ ብደሙ
ቁርን ጸሓይን እናተሃረመ ንዓኣ ዝረሩ
ውዕሎኡ ዝማስክር ኣፉ ዘይኒጋሪ
ጸሓይ ኣብ ዘይብሉ
ብርሃን እንደዩ ባዕሉ ኮኾብ'ዛ ረሙ።
ኣልገበ ዝጸድድ ክፉእ ንዝኣልም
ተወርዋሪ ማዕበል ብኽሰድ ዘኋልም
ብዓቕሊ ትዕግስቲ ምኩሓት ዞናኽም
ሓዩት ህርርማ ካብ ጻዕሪ ናብ ጻዕሪ
ሓንቲ ስጉምትኻ እንቅዓ ተፍሪ
እብቁዕ ናታ ኹንካ በዓል ረዚን ዝኽሪ
እንሆት ተሓብና ኤርትራዊት ምድሪ
ናጽነታ ተበዕል ደሚቓ ብኽብሩ።

***ጆሚ/ ደጀን ተኽለ***

## ንያትና ናጸ ሕርያና !

እንሆት እወ ብናጸ ማሰመረይ
እኽርዕ በቲ ሓቆኛ ምስለይ
እሕበኑ ወዩከ ፈልስት ጽንዓተይ።

ከመይ ዘየኩርዕ ብምኻኒ
ኤርትራዊ
ብንጣብ ቀልዒ ኘሰሉ ጾላዊ
ኣብ ሕርያይ ኣለኹ ዘሐወየ የጽዊ።

እንፈትዋ ክንረክብ እንፈትዎም በጅና
ጸላእትና ክንኣሊ ዘዩከውን ኮይኑና
ኣያወ ምስ ተማ ዕንቅርቢት ተማሓዚና።

ኣ.ጠጣሮና ጽሚእና ዘጥረናዮ
ሕርያ
ሓዶኣት ኢና በሃልቲ ብዙሕ
ሰራሓን ኣንፈቱ ኘኽጠው፣ያ
ገጠምና ክንሰር ምስ ዓለማዊ
ዝርዩ።

እቲ ንዒዩ ዝዩዳ ዘለበዚ
ምስ ድኽተቲዩ ቀንጣሮ ዓቕሚ
ሓዩሱት ዓለምና ኣሲጋኢት ክበዩ
ወረ ምስ ወፃኒቲ ኹሉር ሚሳዩል ክቐጽረሩ።

እቕጽር'ወ ከመይ ዘዩቀጽር
ኣበት ኘሰሉ ናይ ጽንዓት
መማህር
ፖሊቲካዊ ማሰመረይ እንደዩ
ኹልር ዘማኽኑ።

ኣንቲም ሰቡ!   እንጸበዩ የለን ካብዚኦቶም
ኣጣቆሳከ ምሽሞጋል
ዝህይወቶም
ርሽብት ከኣ ይማሰሉ
ዞሚያቶም ዞምሚያቶም።

እንተ ኣ ንዒይ ይኽፈኣ፡ ኣዩደልኸ
ዋላ ተዓበርኩ ዒይ ተማገያ
ብጸፍረይ ዝድረር ሕቡኻ
ንኢድ ርሽብት ኣዩፈልጥን ተጸበዩ።

እዚ'ዩ ማሰመረይ
ሕርያ ጀጋኡ ኣያታትይ
ተሓጋገንዘከ ምግባር ዝበለይ
ጽገመይ ዝጸውር ባለይ ።

ሰለዚ፣ ወዩከ ፈልስት ካብ ሕርያና
ንትብዖ ህያብ ዝበሉ ክንደግፈኪም
ኢና
ተመኽልዮም ደማ እኾኽ ዝተኽሉ
ኣብ ጎና።

"ካብ ሰብ ዝዶሊ ከም ጨርቂ ደባሊ
ኮይንና ዋ እናረኣኹ ጎረዝቡቲይ
ከመይ ዘዩጽት በዚ ንጸ ሕርያይ።

እዚ ብምኽኑ ማሰመር ኤርትራ
ኤርትራዊ ምኻኒ ኣብ ሓራ ግን
ከኣ ዕብራ
ማዕሪ ፔንታጎን በጅግ ተቓጺራ
ማሰመራ ዝጠውዮ የለን ትውሰን
ባዕሉ።

እወ! ተጸት ተዅዕዕን ኤርትራዊ
ዝተጣርሀ ይጣራዕ ዘሐወየ የጽዊ።

እወ! ተጸት ተዅዕዕን ኤርትራዊ
ዝተጣርሀ ይጣራዕ ዘሐወየ የጽዊ።

***መም. ሓዩለኣብ ብርሃ***

## ሕጂ ለኣኽኒ

ሕጂ ለኣኽኒ ኤርትራ
ሕጂ'ያ ታ ግዜ
ሕጂ'ያ'ታ ኩናት
ለኣኽኒ ሎሚ ፍቕርኺ ክቕትት።

ኣዝዚ ኤረ
ህላወኺ ክጸውር
ለኣኽኒ ሎሚ
ናብ ሰፈር ኣናብር

እንተላይ ናብቲ ወዑይ
ለኣኽኒ ሕጂ
መሬተይ'ያ ክብረተይ
የለን ካልእ ዓውዲ

ማእገር ዝኾነኪ
ሕቖኺ ከለኹ
ዃናይ ዕቡዳኸ
ዝተጸበበኹ

ለኣኽኒ ሕጂ
እንታይ'ዶ ኣሎዩ ዓሰቢ
ታሪኸይ ዘይገድፍ
መጸኢ'ንዲዩ ዓቢ

ኣዝዚ ኤረይ
ናብቲ ነጉዲሰርቢ
መኸተይ ኣጸኒዐ ዝደብ ከደቢ

ለኣኽኒ ሎሚ
ሰላም ምስ ተቐብጸ
ሓይሊ እምነት ኮይኑ
ቅልጽም ምስ ተመርጸ

ብዙብያ'ቲ ምጉት
እቲ ዘይተርፍ ዕቡዳን
ሕጂ ሻማ ሻማ
ሎሚ ንቕል ትኽል

ኣዝዚ ሎሚ
ዓውድን ከይድን እንደየ

ሰዚ ዝኾነሉ
ሕጂ'ንደዩ እቲ ግዜ

ዘይተርፍ በዓል ደም
ዘይተርፍ ረጽሚ'ንዲዩ
ሕጂ ለኣኽኒ
መጻስ ህይወት ርህዩ

ልኣኽኒ ኤረይ
ዕንክለል'ዩምዝኣም
ካብ ጣውላ ናብ ጣውላ
ከሰል'ዩ ጣቆኣምa

ንኸድ ናብ ኣናብር
ካልእ መዘመር የለን
ሎሚ'ያ'ታ ግዜ
ሎሚ ንንቀል ንትከል

ለኣኽና ኤረይ
ኩልና ንመክት
ዓቕብ ሰማይ ክሕዝ
እዚ ጭፍራ ኣብ ህውከት


ኣዝዚ ኤረይ
ኣሕዋተይ ኩብሪ
ንጉያ ሳልስቲ
ከሕጽረሉ ዕምሪ

ሎሚ ሰዚ ምንካስ
ሎሚ ሻማ ሻማ
ንኸድ ናብቲ ኣዝመራ
እዛ ግራት ንዕመማ

ሕጂ ለኣኽኒ ክብርቲ መሬተይ
ሎሚ'ያ'ታ ግዜ ተጸንዕ መትብረይ
ሕጂ'የ ንፍቕረይ
ዝገልጽ ብልበይ
እሞ ለኣኽኒ
ክዝብር እጃመይ።

**ግጥሚ- ኢሳይያስ ጸጋይ**
**ምንጪ- ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ**
**20/5/2000**

## ካብ ሽሕ ቃላት . . .



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊት ጋንታ መንእሰያት ናብ ታንዛን ኣምሪሓ

ካብ 27 ክሳብ 28 ግንቦት 2022 ኣብ ታንዛንያ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ናይ መንእሰያት ውድድር ኣትሌቲክስ (2022 East Africa Junior Athletics Championships) እትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ብዕለት 24 ግንቦት ናብ ዳር-ኤ-ሳላም ከም ዘምረሐት ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

እታ ሸሞንተ ደቀንስትዮ ዘርከብኦም 17 ኣትሌታትን ሰለስተ ኣለይትን ዝሓቘፈት ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብቲ ዞባዊ ውድድር ኣብ ናይ ትራክ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ክትሳተፍ ምዃና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራን ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ዝተኻየደ ወግዓዊ ናይ ምፍናው መደብ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኩሎም ኣባላት'ታ ሃገራዊት ጋንታ ኣብቲ ዝጸበዮም ዞባዊ ውድድር ብሓያል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ዲሲፕሊንን ትጽቢት ዝገበረሉ ወጽኢት ንምምዝጋብ ብዝለዓለ ክዋስኡ ተላብዩ።

ኣሰልጣኒ'ታ ሃገራዊት ጋንታ ሚካኤል ኣብርሃን ተወዳደርቲ ኣትሌታትን ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣኺይዶም ብዘለዉ ምድላዋት፡ ኣብቲ ዞባዊ ውድድር ዝበቅዕ ብሉጽ ወጽኢትን ስዓትን ንምምዝጋብ ከም ዝሰርሑ ገሊጾም። ኣብዚ ናይ መንእሰያት ዞባዊ ውድድር ኣስታት 500 ኣትሌታት ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክሳተፉ ትጽቢት ከም ዝግበር መርበብ ሓበሬታ ስፖርት ዘ ጋርድያን (The Guardian Sport) ንማሕበር ኣትሌቲክስ ታንዛንያ ጠቒሱ ብዘዘርገሖ ሓበሬታ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኤርትራ ኣብዚ ዞባዊ ውድድር ብኸንደዚ ዝኣክል ቁጽሪ ኣትሌታት ክትሳተፍ ምኽኣላ፡ ተካእቲ ናይ ትራክ ኣትሌታት ንምፍራይ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ዘብርህ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ኣብ ናይ ትራክ ውድድራት ዝወዳደሩ ኣትሌታት ብምውሓዶም ኣብ ከም ውድድራት ኦሎምፒክን ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለምን ንዘውሃብ ኮታ ክንመልእ ከም ዘይከኣልና ይዝከር። በዚ ኸኣ እዞም መንእሰያት ኣትሌታት፡ እዚ ዞባዊ ውድድር ሸሞምን ሸም ሃገሮምን ዘጸውዑሉ ብሉጽ ባይታ ምዃኑ ኣሚኖም ንመጻኢ ብደረጃ ዓለም ብሉጽ ወጽኢት ንምምጻእ ክጽዕሩ ይግባእ።



## ራሄል ኣብ ዲያመንድ ሊግ ክትሳተፍ እያ



ኤርትራዊት ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ግንቦት 2022 ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ናይ ድያመንድ ሊግ ውድድር ንምስታፍ ናብታ ሃገር ኣምሪሓ። እዛ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ኤርትራውያን ኣትሌታት ምዃና ዝተመሰከረላ ኣትሌት፡ ጸባሕ'ያ ኣብዚ ውድድር ኣብ 5000 ሜትር ኣንጻር ዓበይትን ስሙያትን ኣትሌታት ዓለም ክትወዳደር።

ብመሰረት ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ንኣዳለውቲ እዚ ውድድር ብምጥቃስ ዝሃብኦ ዘለዋ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ናይ 5000 ሜትር ውድድር ዝሳተፉ ኣትሌታት ክብረ-ወሰን ዓለም ንምስባር ከም ዝኸዩ ተፈሊጡ ኣሎ። ናይ 10 ሽሕ ሜትር ክብረ-ወሰን ዓለም ሒዛ ዘላ ኢትዮጵያዊት ለተሰንበት ግደይን ኬንያዊት ዊፊ ቺፕኮን ገለ ካብተን ኣብዚ ውድድር ኣንጻር ራሄል ዝኾነማ ብሉጻት ኣትሌታት ዓለም እየን። ብዘይካዚ፡ ካልኦት ብርክት ዝበላ ኬንያውያንን ኢትዮጵያውያንን ኣትሌታት'ውን ኣብዚ ውድድር ክሳተፋ ብምዃነን እቲ ተሓሳቢ ዘሎ ክብረ-ወሰን ዓለም ናይ ምስባር ዕላማ ክሰምር ከም ዝኽእል ብዙሓት ተንተንቲ ኣትሌቲክስ ይእምቱ።

ኤርትራዊት ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ኣብ ውድድር ዲያመንድ ሊግ ንፈለማ ግዜኣ'ያ ትሳተፍ ዘላ። እዛ ኣትሌት፡ ኣብዚ ውድድር ምስ ቀዳሞት ሰለስተ ብሉጻት ኣትሌታት ኮይና ውድድር ምስ ትፍጽም ከኣ ኣብዚ ዓቢ ናይ ትራክ ውድድር ዝተዓወተት ናይ ፈለማ ኤርትራዊት ኣትሌት ተባዚላ ታሪኽ ክትሰርሕ እያ።

ኣብዚ እዋን ዝበለጸ ብቕዓት ወኒና ዘላ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሄንግሎ ሆላንድ ኣንጻር ዓበይቲ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ኣብ ዝገጠመትሉ፡ ብ14፡55፡56 ናይ 5000 ሜትር ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ከም ዝጨበጠት ኣይርሳዕን። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ኣብ ውሽጢ ሃገር ን5000 ሜትር ብ16፡06 ክትውድኦ ብምኽኣላ'ውን ናይ ስታድዮም ኣስመራ ዝቐልጠፈ ሰዓት ኣመዝጊባ'ያ። ሎሚ ዓመት ከኣ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ 5000 ሜትር ኣብ ዝኸየትሉ ኑቲ ኣቐዲማ ዘመዝገበቶ ሰዓት ብ37 ካልኢት ብምምሕያሽ ብ15፡27 ውድድራ ብምውዳእ ሓድሽ ክብረ-ወሰን ኣመዝጊባ'ያ። ብዘይካዚ፡ እዛ ኣትሌት ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትር ኑቲ ኣቐዲሙ ብኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ተታሒዙ ዝነበረ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ከም ዝሰበረቶ'ውን ኣይርሳዕን።

በዚ ኸኣ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቕዓታ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ይበጽሕ ከም ዘሎ ክትርዳእ ኣይትጽገምን። ራሄል ኣብዚ ዓመት ንፈለማ ግዜ ኣብ ናይ ውሽጢ ገዛ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ 3000 ሜትር ተሳቲፋ ሻሙናይ ተርታ ሒዛ ውድድራ ከም ዝወደኣትን ኣብ ናይ ውሽጢ ገዛ ናይ ትራክ ውድድር ዝተሳተፈት ናይ ፈለማ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ክትከውን ከም ዝበቕዐትን ይፍለጥ።

ብዓለምለኻዊ ማሕበር ኣትሌቲክስ ብዘውሃብ ደረጃ ኣትሌታት ዓለም ኣብ ውድድር ጉያ መሮር ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ዘተኣማምን ብቕዓት ከም ትርከብ'ዩ ኣሰልጣኒኣ ኣቶ ሊቨንግስቶን ኣብርሃም ዝገልጽ። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ኣራሄል ዳኒኤል ኣብዚ ዓመት ኣብ ውድድር ጉያ መሮር ሲንዮር ደቂ ኣንስትዮ ቀዳመይቲ፡ ኣብ ውድድር 5000 ሜትር ትራክ ሲንዮር ደቂ ኣንስትዮ ቀዳመይቲ፡ ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትር ትራክ ሲንዮር ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብተመሳሳሊ ቀዳመይቲ ብምውጻእ ዘውዲ ሻምፕዮን ከም ዝደፈኣት ሰነዳት ሃገራዊ ፈድረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ይሕብሩ።

እዛ ኣትሌት ኣብ ጽርግያ፡ ኣብ ትራክን ኣብ ጉያ መሮርን ሒዛቶ ዘላ ብሉጽ ብቕዓት ንኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ከም ዘዘኻኽር ብዙሓት ፈላጦት ኣትሌቲክስ ይምስክሩ። ኣብ 2004 ኣብ ኣቴንስ ግሪኽ ኣብ ውድድራት ኦሎምፒክ ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ዝኾነ ኣትሌት ዘርእሰናይ እቲ ናይ መጀመርያ ኣብ ጽርግያ፡ ትራክን ጉያ መሮርን መዳልያ ዝዓተረ ኣትሌት ዓለም ምዃኑ ኣይዝንጋዕን። ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል ከኣ ኣብዚ እዋን ሸማን ሸም ሃገራን ንኸተጸውዕ ድልውቲ ከም ዘላ ይእመን።


ናብ ካልእ ዜናታት ኣትሌቲክስ ምስ ንሰግር፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣትሌታት ኣብቲ ካብ 15 ክሳብ 24 ሓምለ 2022 ኣብ ኦሬጎን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝካየድ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ዘእትዎም ሚኒማ ንምርካብ ውድድሮም የካይዱ ከም ዘለዉ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ኣትሌት ዓብደራዛቕ ሰሊማን ኣብ በልጁም ኣብ ዝገበሮ ናይ 800 ሜትር ውድድር ሳልሳይ ደርጃ ከም ዝሓዘ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ኣትሌት ብተወሳኺ ኣብዚ ውድድር ብዘመዝገቦ 1 ደቒቕ፡ 46 ካልኢትን 56 ንኡስ ካልኢትን ሰዓት ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ክሕዝ በቒዑ ኣሎ። እዚ ናይ ዞባ ዓንሰባ ኣትሌት ኑቲ ኣቐዲሙ ብኣትሌት ሰመረ መድሃኔ ተታሒዙ ዝነበረ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ብ3 ካልኢት ከመሓይሾ ብምኽኣሉ'ዩ ናይ ትሕቲ 20 ዓመትን ናይ ሰንየርን ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ክጭብጥ ክኢሉ።

ኣትሌት ዓብደራዛቕ ጸባሕ 28 ግንቦት ኣብ 1,500 ሜትር ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ዘሳትፎ ሚኒማ ንምርካብ ክወዳደር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ኣትሌት ኑታ ኣቐዲሙ ዝገበሮ ናይ 800 ሜትር ውድድር ንመዳለዊ ብምባል'ዩ ኣካይዱዎ። በቲ ዘመዝገቦ ግዜን ሒዝዎ ዘሎ ብቕዓትን ከኣ ናይ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ሚኒማ ክረክብ ልዑል ትጽቢት ኣሎ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ካልእ ናይ ዞባ ዓንሰባ ኣትሌት ሃብቶም ሳሙኤል እውን ንተመሳሳሊ ዕላማ ኣብ ውድድር 5000 ሜትር ክጽመድ እዩ። እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይሮቢ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ንሃገሩ ብሩር መዳልያ ዝሸለመ ኣትሌት፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ሓምለ ኣብ ኦሬጎን ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ወድዮም ክሳተፉ ዝኽእሉ ኣትሌታት ምዃኑ ይእመት።

ካብ ዜናታት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ከይወጻእናና፡ ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ ኣብ ዌልባ ስጳኛ ኣብ ዝካየድ ናይ 5000 ሜትር ውድድር ካልኣይ



ተርታ ሒዙ ውድድሩ ብምፍጻም ብሉጽ ግዜ ኣመዝጊቡ። እዚ ኣትሌት ኣብዚ ውድድር 13፡04፡49 ግዜ ብምህራም ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኦሬጎንን ኣብ ኮሎምብያ ኣብ ዝካየድ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለምን ዘሳትፎ ሚኒማ ረኺቡ። መርሃዊ ዘመዝገቦ ሰዓት፡ ናይዚ ዓመት ናይ 5000 ሜትር ዝቐልጠፈ ኤርትራዊ ሰዓት እዩ።

በዚ ኸኣ እዚ ኣትሌት ኣብ ኦሬጎን ኣብ ዝካየድ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ናይ ትራክ ውድድር ሚኒማ ዝረኸበ ቀዳማይ ኤርትራዊ ኣትሌት ኮይኑ ኣሎ። ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይሮቢ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ውድድር 5000 ሜትር ራብዓይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ምፍጻሙ ኣይርሳዕን።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሰኔጋል - ብሓደጋ ባርዕ 11 ናጽላታት ሞይቶም

ኣብ ሴኔጋል፡ 'ቲቫኦውይን' ኣብ ዝተባህለት ከተማ ኣብ ዝርከብ ሓደ ሆስፒታል ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ኣብኡ ፍሉይ ክንክን ዝወሃቦም ዝነበሩ 11 ናጽላታት ከም ዝሞቱ ሰብመዚ እታ ሃገር ሓቢሮም።

ሚኒስተር ጥዕና ሴኔጋል ዓብዶላየ ዲኦፍ ሳር፡ ንማዕከናት ዜና እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብመሰረት ዝተገብረ ኣፈናዊ መርመራታት፡ እቲ ሓደጋ ባርዕ ብሰንኪ ምቍራጽ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዝሰዓበ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ሓደጋ ኣገዳሲ ዘሕዝን ምኳኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ጠንቂ እቲ ባርዕ ብልክዕ ክሳብ ዝንጸር እቲ መርመራ ክቕጽል ምኳኑ ሓቢሩ።



ፕረዚደንት እታ ሃገር ማኪ ሳል ብወገኑ፡ ሞት ናይ'ቶም ኣብኡ ተዓቒቦም ዝነበሩ ናጽላታት ኣዝዩ ከም ዘሰንበዶ ብምጥቃስ፡ ንኣደታትን ስድራቤታትን እቶም ናጽላታት ጸገዎት ተምኒዩሎም።

ፕረዚደንት ሳል ወሲኹ፡ ቀደም ሒጂ'ውን ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣብ ሆስፒታላት'ታ ሃገር ከም ዘጋጠመ ብምሕባር፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብታ ሃገር ዘጋጥሙ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት ፍጹም ተቐባልነት ከም ዘይህልዎም ኣጠንቂቑ።

ኣብ ከተማ ቲቫኦውይን፡ ካብ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ሰለስተ ናጽላታት ብህይወት ከም ዝደሓኑ ገሊጹ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ሊንጉኤረ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል፡ ሓደጋ ባርዕ ተኸሲቱ ምንባሩ - ብሰንኩ ድማ 4 ናጽላታት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ንሰብኣዊ መሰላት እጣበቐ'የ ዝብል 'ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል' ዝተባህለ ጕጅለ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ መንግስቲ ሴኔጋል ናጻ መርማሪት ጕጅለ ብምቛም ነቲ ሓደጋ ከጻርዮን ምስቲ ሓደጋ ምትእስሳር ዘለዎም ገበነኛታት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእትውን ጸውዒት ኣቕሪቡ።

## ህንዲ፡ ናጽነት ካሽሚር ዝጠለበ ፖለቲከኛ ንሕልፈት ፈሪዳ



ቤት-ፍርዲ ህንዲ፡ መራሒ ናይቲ ንናጽነት ዞባ ካሽሚር ዝጽውዕ ሰልፊ - ያሲን መሊክ ንሕልፈት ክእሰር ከም ዝፈረዶ ተገሊጹ።

ቤት-ፍርዲ ህንዲ ዝ. ውሳነ ዘሕልፍ ዘሎ፡ መሊክ ኣብ ዝተፈላለየ ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ከም ዝተሳተፈን ከም ዝመወለን ድሕሪ ምርግጋጹ እዩ።

እንተኾነ፡ እቲ ንወህደት ኣብ ዞባታት ጃሙን ካሽሚርን ዝርከብ ሰልፊታት ዝጽውዕ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ነቲ ብቤት-ፍርዲ ህንዲ ተመሓላሊፉ ዘሎ ናይ ማእሰርቲ ውሳኔ "ዘሕዝን" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።


እቲ ውሳኔ ነቲ ክውሰድ ዝጸንሐ ናይ ሰላም ተበግሶታት ዓቢ ብድሆ ክኾና ከም ዝኽእል ዝጠቐሰ እቲ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ኣብ ልዕሊ ያሲን መሊክ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ፡ ኣብ ህዝቢ ዞባ ካሽሚር ዚያዳ ናይ ምፍንጫል ስምዒት ከለዓዕል ምኳኑ'ውን ኣጠንቂቑ።

ወሲኹ ድማ፡ "ቤት-ፍርዲ ህንዲ፡ ውሳኔ ደኣ'ምበር ፍትሒ ኣይሃበን" ክብል ገሊጹ።

መንግስቲ ፓኪስታን ነቲ ኣብ ልዕሊ ያሲን መሊክ ተመሓላሊፉ ዘሎ ውሳኔ ብትሪ ከም ዝኾነኖ ተሓቢሩ።

56 ዓመት ዝዕድሚኡ መሊክ፡ መራሒ ናይቲ ብወግዒ ዝተኸልከለ ንናጽነት ጃሙን ካሽሚር ዝቃለስ ጕጅለ እዩ ነይሩ።

## ኣፍጋኒስታን - ዳዕሽ ትሽዓተ ሰባት ቀቲሉ



© Sayed Khodaiberdi Sadat/AA/picture alliance

ኣብ ኣፍጋኒስታን - ከተማ ማዛር-ኢ-ሻሪፍ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተፈጸመ ተኸታታሊ ናይ ቦምብ መጥቃዕቲታት፡ ሽበራዊ ጕጅለ ዳዕሽ ሓላፍነት ከም ዝወሰደሉ ተገሊጹ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ርእሰ-ከተማ'ታ ሃገር ዝኾነት ካቡል እውን ኣብ ሓደ መስገድ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ከም ዝተፈጸመ ተሓቢሩ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ከተማ ካቡል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ክልተ ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ማዛር-ኢ-ሻሪፍ ብዝተኻየደ መጥቃዕቲ ድማ - ትሽዓተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት እታ ሃገር ገሊጹ።

እቲ 'ሃዝራት ዛካሪያ' ኣብ ዝተባህለ መስገድ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ መስገድ ንጸሎት ተኣኪቦም ዝነበሩ ኣመንቲ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ፡ ኣፈኛ ፖሊስ ኣፍጋኒስታን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

እቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ማዛር-ኢ-ሻሪፍ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ድማ፡ ንተሽከርከርቲ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩን ብቲ መጥቃዕቲ ካልኦት 15 ሰባት ከም ዝቖሰሉን ኣፈኛ ምምሕዳር ዞባ ባልኽ ገሊጹ።

ዕጡቕ ጕጅለ ዳዕሽ ነቲ ኣብ ከተማ ማዛር-ኢ-ሻሪፍ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ክኸውን እንከሎ፡ ነቲ ናይ ከተማ ካቡል ግን ዛጊት ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል የለን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዕጡቓት ጣሊባን ናብ ከተማ ካቡል ብምእታው ኮረሻ ስልጣን ድሕሪ ምጭባጦም፡ ኣብታ ሃገር ተርእዮታት ሽበራዊ መጥቃዕቲ ብተዛማዲ ክጎዩ እኳ እንተጸንሐ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ጸመሮመዳን ግን ብርክት ዝበላ ከተማታት ግዳይ መጥቃዕቲ ናይቲ ሽበራዊ ጕጅለ ኮይነን ከም ዝጸንሓ እዩ ዝግለጽ።

## ባይቶ ጸጥታ፡ ንሰሜን ኮርያ ንምቕጻዕ ተጋቢኡ



ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ብጉዳይ ፈተነታት ሚሳይል ኣብ ልዕሊ ሰሜን ኮርያ ተረር ማዕቀብ ክጸንዕ ብመንግስቲ ኣመሪካ ክቐርብ ዝጸንሐ ጥርዓን መሰረት ብምግባር፡ ድምጺ ንምሃብ ትማሊ ሓሙስ ምሸት ከም እተጋብአ ተሓቢሩ።

እቲ ባይቶ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ተወሳኺ ማዕቀብ ንኽጸንዕ ክድምጽ ከም ዝኽእል እውን ንሕሉፍ ተሞክሮታቱ ብምዝካር ብኢጋኡ ይገልጽ ኣሎ።

ሰሜን ኮርያ ዝሓለፈ ረቡዕ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ባለስቲክ ሚሳይል ዘጠቓለለ ሰለስተ ፈተነታት ሚሳይል ከም ዘካየደት ዝዝከር እዩ።

ባይቶ ጸጥታ ብዘይካዚ፡ ብዘዕባ'ቲ ሰሜን ኮርያ ኣብ 2017 ድሕሪ ዘካየደቶ ሰግረ-ኣህጉራዊ ባለስቲክ ሚሳይል ዝጸደቐ ብይን 2397 ኣመልኪቱ'ውን ክዝቲ ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ካብ ላዕለዎት ሰብመዚ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ምስ ኣዣንስ ፍራንስ ፕረስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ "ብመሰረት ኣብቲ ብይን ተኣዊፉ ዘሎ ዓንቀጻት ኢና ንዛረብ ዘለና። ስጉምቲ ዝወሰደሉ ግዜ ድማ ኣኺሉ ኣሎ" ክብል ገሊጹ።

እንተኾነ፡ እተን ኣብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ቀውፊ መሰል ዘለወን ቻይናን ሩሲያን፡ እቲ ዝሕሰብ ዘሎ እገዳታት ነቲ ኩነታት መሊሱ ከጋድዶ እንተዘይኮይኑ፡ ዝጸምኦ ዝኾነ ፋይዳ ከም ዘይህልዎ ኢየን ዝሕብራ ዘለዋ።

ብመሰረት ሮይተርስ፡ እቲ ብመንግስቲ ኣመሪካ ቀሪቡ ዘሎ ናይ እገዳ እማመ፡ ኣብ ምስፋሕ ማዕቀብ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ሰደድ ዘይተጻረየ ነዳዲ ዘይቲን ትምባኾን ዘተኮረ እዩ።

ሰሜን ኮርያ፡ ካብ 2006 ኣትሒዙ - ግዳይ ዝተፈላለዩ እገዳታት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣመሪካን ኮይና ከም ዝጸንሐት ተደጋጊሙ ዝግለጽ እዩ።

## ፓኪስታን - ቀ/ሚኒስተር-ነበር ምርጫ ክካየድ ጠሊቡ

ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን-ነበር ኢምራን ካሃን፡ መንግስቲ ፓኪስታን ኣብ ዝመጽእ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሓድሽ ምርጫ ንምክያድ ዘኽእል ስጉምቲ እንተዘይወሲዱ፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ደገፍቱ ኣሰሊፉ እንደገና ናብ ከተማ ኢስላማባድ ክምርሽ ምኳኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር-ነበር ዝ. መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ፡ ኣሽሓት ብዝቑጸሩ ደገፍቱ ተዓጂቡ ኣብ ከተማ ኢስላማባድ ሰፊሕ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ኣብ ዘካየደሉ እዋን እዩ።

ኢምራን ካሃን ኣብ መግለጺኡ፡ ብምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት ካብ ስልጣኑ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ከም እተኣለየ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ኣብታ ሃገር ሓድሽ ምርጫ ንምክያድ ፍቓደኛ ምስ ዘይኮነ፡ እቲ ንከተማ ኢስላማባድ ዝናወጸ ሰላማዊ ሰልፊታት ክቕጽል ምኳኑ ሓቢሩ።

ሰልፈኛታት፡ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ብምጥቃም ንቀንዲ ጎደናታት እታ ከተማ ብምዕጻው ዘካየድዎ ዘለዉ ናይ ተቓውሞ ሰልፊታት፡ ንቁጠባውን ማሕበራውን ንጥፈታት እታ ሃገር ዘልምስ ምኳኑ፡ ምስቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ሞንጎ ሰልፈኛታትን ሓይልታት ጸጥታን ብዘተወልዐ ግጭት፡ ልዕሊ 1,700 ደገፍቲ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር-ነበር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ ተገሊጹ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መድሃኒት ኣንበሳ | 27/5/2022 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ175 ቁ. ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565